# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ.64 | 3 ሕዳር | ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

2013 ሰንበት



ገጽ 2
1ይ ገጽ ዘመነ እምኒ II

ገጽ 4
በዓል ወጸኢ.

ገጽ 5
ናይ20 ካልኢት መምልኢ ባትሪ ሞባይል (charger)



ገጽ 6
"ኣብ ዓውዲ ሕክምና እተጥፍኦ ሰዓታት ዘይቲኑ እትሕግዞ ሕሙም ወይ ወጹዕ'ዩ ዘድንኖ"
ዶ/ር ተስፋህይወት ዝብረማርያም



ገጽ 7
የናስ - ኮኾብ ተጻዋታይ ኩዕሶ ሰኪዔት


## ጀርመን ሳልሳይ ጾታ ተፍቅድ





ጀርመን ናይ ክልቲኡ ጾታታት ባህርያት ሒዞም ንዝውለዱ ህጻናት፡ 'ኣይ ወዲ ኣይ ጓል' ብዝብል ሳልሳይ ጾታ ክፍለጡ ከምዝተኣገሰት በቢሲ ሓቢሩ።

በዚ ከኣ ኣቲ ጾታ ዝብል መስመር ናይ ወረቐት ምስክር ልደት፡ ወሉዲ ክይመልኡ ክገድፍዎ ተፈቒድሎም ኣሎ። እቲ ውሳኔ ወለዲ ናይዞም ፍሉይ ዓይነት ባህርያት ሒዞም ዝውለዱ ህጻናት ጾታ ደቆም ንምውሳን ኣብ ሕክምናዊ ትካላት ዝሕልፍዎ ናይ ሸቕለል ግዜን ብኸኡ ዝገጥሞም ጸቕጥን ንምውጋድ ምኽንያቱ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ካብ 2,000 ዝውለዱ ህጻናት እቲ ሓደ ናይ ክልቲኡ ጾታ ባህርያት ሒዙ ከምዝውለድ እትፍለጥ ጀርመን፡ ከምዚ ውሳነ ክትወስድ ኣብ ኤውሮጳ ቀዳመይቲ ሃገር ኮይና ኣላ።

ኣብታ ሃገር ቁልዓ ውልድ ምስ በለ ጾታኡ ክምዝገብ ስለዘለዎ፡ ወለዲ ናይዞም ዝተጠቕሱ ህጻናት ጾታ ደቆም ንምውሳን ክቕላጠፉ ብዙሕ ጸቕጢ ከምዝጸንሖም እዩ መርኣዩ ሓበሬታ በቢሲ ኣብ ገጹ ኣሰፊሩ ዘሎ።

ጾታ ሰብ ዝውስኑ ክሮሞዞምስ ዝተባህሉ ባእታታት ኣለው። እዞም ህጻናት ከኣ ናይ ክልቲኡ ጾታታት ክሮሞዞማት ሒዞም ስለዝውለዱ እዩ እቲ ጸገም ዝፍጠር። በዚ ከኣ ኣብ ጀርመን ኣካላዊ ባህርያት ናይቶም ህጻናት ናብ ሓደ ጾታ ከምዝዘምብል ንምግባር ክሳብ ናይ ሕክምና መጥባሕቲ ክተሃድ ጸኒሑ።

ምስዚ ሓድሽ ሕጊ ንምቕዋሙ፡ እቲ ናይ ክልተ ጾታታት መስመራት ጥራይ ዝጸንሐ ፓስፖርት ጀርመን ሳልሳይ መስመር ክውሰኾ ምኽንያቱ ሚኒስትሪ ወሻጣዊ ጉዳያት'ታ ሃገር ኣፍሊጡ ኣሎ።

እዚ ሓድሽ ሕጊ ኣብዞም ዝጸንሑ ሕጋታት መርዓ እንታይ ዓይነት ጽልዋ ክህልዎ ምኽንያቱ ግን ዛጊት ኣይተነጸረን ዘሎ።

## ኢራን ህበይ ናብ ጠፈር ትልእኽ

ኢራን ንኻልኣይ ግዜ ህበይ ናብ ጠፈር ንምልኣኽ ትሽባሸብ ከምዘላ 'ጆምሁሪ እስላሚ' ዝተባህለት ጋዜጣ'ታ ሃገር ኣፍሊጣ።

እታ ጋዜጣ ንምክትል ሓላፊ ትካል ጠፈር ኢራን ሓሚድ ፋዚሊ ጠቒሳ ከምዝሰፈረቶ፡ እዚ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክትግበር ተመዲቡ ዘሎ፡ ኣካል ናይቲ እታ ሃገር ኣብ 2018 ሰብ ዝጸዓነት መንኮርኮር ናብ ጠፈር ንምልኣኽ ትገብሮ ዘላ ምድላዋት እዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ሓሚድ ፋዚሊ፡ ምስ ናይ ኣህባይ ዝመሳሰል ክብደት ዘለዎም እንስሳታት፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ጠፈራዊ ናይ ምርምር ስርሓት መፈተንታ ንምግባርም ኣብ ግምት ኣትዩ ይስርሓሉ ኣሎ።

ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ ኢራን ኣብ ፋርስ ዝማቡቆለን ደማሙ ናብ ጠፈር ክትልእኽ ምኻና ሓቢራ እያ።

እዚ ሕጂ ዝለኣኽ ህበይ ኣብ ጠፈር



ኢራን ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት'ዚ ቀዳማይ ህበይ ናብ ጠፈር ልኢኻስ ጉዕዞኡ ብዓወት ዛዚሙ ከምእተመልሰ እዩ ዝፍለጦ። እንታይ ዓይነት ተልእኾ ከምዘለዎ ግን እታ ግዜጣ ዝሃበቶ ዝርዝራዊ ሓበሬታ የለን።

## ኣውስትራልያዊ ብምቍራጽ ገረብ ሻምፕዮን ዓለም ኮይኑ



ኣውስትራልያዊ ብራድ ዲ ሉዛ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሽቱትጋርት (ጀርመን) ኣብ ዝተኻየደ ናይ 2013 ዓለማዊ ውድድር ምቍራጽ ኣግራብ ቀዳማይ ብምዃን ተሸላሚ ወርቂ ሜዳልያ ኮይኑ።

ኣብ ቅድሚ 10 ሽሕ ተዓዘብቲ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ወዲ 34 ዓመት ዲ ሉዛ ን120 መወዳድርቱ ሰዒሩ እዩ ሻምፕዮን ንምዃን ዝበቕዐ።

ኣብቲ ውድድር ኣመሪካዊ ማቲው ኮጋር ካልኣይ፡ ወዲ ቸክ ረፓብሊክ ማርቲን ኮማረክ ድማ ሳልሳይ ብምዃን ዝተዳለወሎም ብልጫታት ተቐቢሎም።

"ሉሚ መዓልቲ ሕልሚ'ዩ" ዝበለ ብራድ ዲ ሉዛ "ውድድር ካብ ዝጀመር ክሳብ ሕጂ ብልዑል ሃንቀውታ ዝሓለኽዎ ዓወት ስለዝኾነ ነዚ ዕላት'ዚ ፍጹም ኣይክርስዖን እየ" ኢሉ።

ዲ ሉዛ ኣብ ሃገሩ ሓሙሽተ ግዜ ሻምፕዮና ዘበለ እኳ እንተኾነ ብደረጃ ዓለም ግን ሕጂ'ዩ ካብ ሻምፕዮንነት ዝጸንሐ ዘሎ። ቅድሚ ሕጂ እታ ዝለዓለት ዓወት ካልኣይ ዝወጸላ ናይ 2009 ሻምፕዮና ዓለም እያ ነይራ።

ዜና ሰንበት - የማነ ሃይለ

## ጃፓን፡ ረጃቤቶ ንደቂ ተባዕትዮ?

ኣብ ጃፓን ሓደ ናይ ኣጭርቕቲ ትካል ንደቂ ተባዕትዮ ዝኸውን ረጃቤቶ ኣፍርዩ ኣብ ዕዳጋ ከምዝቐረበን ድሮ ማእለያ ዘይብሉ ጠለባት ይቕርበሉ ምህላዉን ሮይተርስ ሓቢሩ።

እዚ ካብ ዝጀመር ሰለስተ ሰሙናት ገይሩ ዘሎ ትካል'ዚ ዛጊት 500 ዝኸውን ረጃቤቶታት ንሓደ ብ30 ዶላር ሸይጡ ምህላዉ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።



እቲ ረጃቤቶ ንኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ከም ናይ ውሽጢ ክዳን ከገልግል ተባሂሉ እኳ እንተተማህዘ ብዮዝበሪ ግን ኣብ ኑቡሮም ገጥ ዝብል ጸቢብ ክዳውንቲ ዘዘውትሩ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ፈትዮምዎ ምህላዎም እዩ ዝግለጽ።

እዚ ይኹን'ምበር ነቲ ረጃቤቶ 'ስብእነትካ ዝዓሪር ጨርቂ' ፍጹም ቅቡል ከምዘይኮነ ዝገልጹን ዝቃወሙን ወገናት እውን ተቓውሞታቶም ብኢንተርነት የመሓላልፉ ኣለው።

ጃፓናውያን ደቂ ተባዕትዮ ግን ነዚ ሓድሽ ምህዞ ድሮ ኣብ ኑቡሮም ኣውዒሎምዎ ይርከቡ።

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 1ይ ገጽ ዘመነ እምኒ II

### 3. ኣርባዕተ ናይ በረድ ወቕቲታት ...

ኣብ መጀመርታ ዘመነ እምኒ ክሊማ ናይ መሬት ኣዝዩ ዝሑል ኩነ። በዚ ዛሕሊ ዝተፈጥረ በረድ ካብ ሰሜናዊ ዋልታ ተበጊሱ ንዝበዝሐ ሰሜናዊ ክፋል ዓለም - ኤውሮጳ ኤሲያን ኣመሪካን - ዝሸፍን ነበረ። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ከኣ ክመውቕ ጀመረ። ጸኒሑ እቲ በረድ ናብ ሰሜን ገጹ ኣንሳሓበ። እዚ ምቅይያር ኣርባዕተ ግዜ ተራእየ። ኣርባዕተ ግዜ ናይ በረድ ወቕቲ፡ ኣብ ሞንጎኦም ከኣ ሰለስተ ዝሞቐ ወቕቲ ሓሊፉ። እቲ ድሒሩ ዝመጽአ ራብዓይ ዝሞቐ ወቕቲ እዚ ዘለናዮ ግዜ ዘጠቓልል እዩ። እዚ ራብዓይ ወቕቲ ቅድሚ 10,000 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝጀመረ እዩ።

ምምጻእ በረድ ንመሬት ዓቢ ለውጢ ኣምጺኡላ እዩ። እቶም ኣብ ምውቕ ዝበለ ኩነታት ኣየር ዝነብሩ እንስሳታት - ከም ሓራምዝ፡ ነብሪ፡ ኣንበሳ፡ ሂፖፖታመስ ዝኣመሰሉ - ነቲ ብውርጪ ዝተምልአ ጽሕዲታት ዝመልአ ጫካታት ሓዲጎም ንደቡብ ገጾም እዮም ግዒዞም። ነቲ ዛሕሊ ክጻወሩ ዝኽእሉ - ከም ወኻርያ፡ ማሞት (ዓበይቲ ጸምሪ ዝለበሮም ሓራምዝ)፡ ጸምሪ ዝለበሮም ሂኖሰሮስን ካልኦትን - ግን ኣብኡ ተረፎም። ካብዚም ዛሕሊ ክጻወሩ ዝኽእሉ እንስሳታት ዝበዝሑ ብሰሪ ሕጽረት መግቢ ክሞቱ ከም ዝኽእሉ ይንገር። ማሞት ዝተባህሉ ሓራምዝን ጸምሪ ዝነበሮም ርሂኖስሮስን ገለ ካብኦም እዮም። መሬት እናወጸየት ትኸደሉ ኣብ ዝነበረት እዋን እዞም ኣብ ዛሕሊ ክነብሩ ዝኽእሉ እንስሳታት ናብ ሰሜን ገጾም ተሰብሰቡም። እቶም ናብ ደቡባዊ ክፋል ዓለም ዘበሉ ኣብ ምውቕ ኩነታት ኣየር ክነብሩ ዝኽእሉ እንስሳታት ኣብቲ ዝነበሩዎ ኣይደልዲሎም ተቐመጡ።

### 4. ሰብ ኒንደርታል

ኣብ ዘመነ በረድ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰብ ከመይ ዓይነት ምኳኖም ንምፍላጥ ተመራመርቲ ኣብ ምሉእ ኤውሮጳ ዝርከብ በዓቲታት፡ ገምገም ቀላያትን ሩባታትን እናኸዱ መጽናዕቲ ኣካይዶም እዮም። ኣዕጽምቶምን ናይቲ ግዜ መስራሒታቶምን ኵዒቶም ብምውጻእ ከኣ ምርምር ገቢሮሞም።

እዞም መሬት ንመውዳእታ ግዜ ምዝሓላ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰብ፡ ሰብ ኒንደርታል ተባሂሎም ይጽውዑ። እዚ ስም ካብቲ መጀመርታ ግዜ ኣሰሮም ዝተረኽበሉ ቦታ ናይ ጀርመን ዝቐል እዩ። እዞም ሰብ ኒንደርታል ንጉሪላ ዝመስል ገጽ ዝለበሮም ክፉኣት ምንባሮም ይገልጽ። ሰለፎምን በራቒቶኦምን ከምዚ ሎሚ ሰጥ ኢልና ንኸይድ ዘለና ክኸዱ ኣየኽእሎምን እዩ ነይሩ። ግዚፍ ርእሲን ቀጉጹብ ነብሲን ድማ ነይሩዎም። ኣእዳዎም ገዚፍ፡ ቀላጽሞም ከኣ ሓጻርቲ ነበረ።

ሰብ ኒንደርታል ዝነብሩሉ ዝነበሩ ምውቕ ግዜ ተወዲኡ መሬት ብበረድ ክሽፈን ምስ ጀመረ፡ ነቲ ዝፈርሑዎ ዝነበሩ ሓዊ፡ ሒዞሞዎ ናብ በዓቲታት ክዕቆቡ ናይቶም ዝሃደኑዎም እንስሳታት ቆርበት ክኽደኑን ጀመሩ። መሳርሒታቶምን ኣጽዋሮምን ቀለልቲ ብምንባሮም ምስቶም ዝረኽቡዎም ኣራዊት ኪቃለሱ ይብርትዖም ነይሩ ይኸውን። ምስቶም ኣብ በዓቲ ዝነብሩ ደቢን ኣንበሳን እናተሳገሙ ክነብሩ ይግደዱ ነይሮም።

### 5. ናይ መጀመርታ ንዓና ዝመስል ሰብ

ኣብ መጀመርታ ናይ ዘመነ በረድ ሰብ ኒንደርታል ጠፊኦም እዮም። ዝተፈልየ ምስሊ ዝሓዙ ሰብ - ካብ ኣፍሪቃን ኤሲያን ክኸዱ ዝኽእሉ - ኣብዛ ዓለም ሰፊሮም ነበሩ። እዚ ኣብዚ ግዜ ዘሎ ሰብ ናቱ ሰንሰለት ምኳኑ ከኣ ይንገር። ኣክንዲ ቁንጹብነት፡ ጎቦጣትን ንጉሪላ ዝመስሉን ክኾኑ፡ ነዋሕቲ፡ ሰጥ ዝበሉን ዝለመጸ ቆርበት ዘለዎምን ጸቡቓት ኩኑ። ካብ ሰብ ኒንደርታል ዝያዳ ዝሰልጠኑ ብምኳኖም መሳርሒታቶምን ኣጽዋሮምን ዘዳልውሉ ኣገባብ ዝተፈልየን ዝዋሕለለን እዩ። ኣጽዋሮም እናጸረቡ ከም ካራ ዝምብልሓ ክገብሩዎ ከኣሉ። ብዝይካ ፋስን መሓግሓግን፡ ዝተፈላለዩ ፍላጻታት፡ ርእሲ ናይ ጭማሪ፡ ሸኑት፡ ማዕጺድን ስካርቤሎን ኣዳለው። እቲ ተመሳሳሊ ኣብዚ ግዜ እንጥቀመሉ መስራሒታት፡ ናይቲ ግዜ ርኽቢታት እዩ።

ዘመነ በረድ ምስ ሓለፈ ክሊማ መሬት እናሞቐየ ከይዱ። ሰብ ገና ካብ በዓቲታት ኣይወጽኣን። ዓበይቲ በዓቲታት ብዙሓት ስድራቤታት ይጥርንፍ ነበረ። ኣንስቲን ቈልዑን ኣብ ውሽጢ በዓቲ ክጸንሑ እንከለው፡ እቶም ዝዓበዩ ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ ናብ ሃድን ይወፍሩ። ክሳብ ሎሚ ንሰብ ዘፍርሑዎ ኣራዊት በረኻ እንተሃለው ዘጥቅዕሎም ዝተፈላለዩ ረቀቕቲ መሳርሒታት ኣማዕቢሉዎ። እቲ ማዕባለ ካብዚም ቀዳሞት ኣብ ዘመነ እምኒ ዝጀመረ እዩ። ንከም ብዕራይ በረኻ፡ ጸምሪ ዝለበሮም ገዚፍቲ ሓራምዝ - ማሞን፡ ብሓባር ክሃድኑ ከኣሉ። ኣብ ዕጥቂ ገሊኦም ካብ ኣዕጽምቲ ዝተነዳለወ ጥሩምባ ኣለዎም። ደቆም ኣንስቶምን ካብ ሃድን ዝብሳዕ ሒዞሙሎም ክምለሱ ኣብ ዝነብሩሉ በዓቲታ ኩይኖም ይጽበዩ። ንሳቶም ከኣ ጽቡቕ መዓልቲ ውዒሎም እኹል እንተ ሃዲኖም ጥሩምባ ይነፍሑ። ደቆም ክሰራሰሩ እንከለው፡ ኣንስቶም ሓዊ ኣንዛሂረን ኣብ ኣፍደገ በዓቲ ኩይነን ይጽብያኦም።

ናይቲ ግዜ ሰብ ኣረሚኔናውያን ጥራይ ኣይነበሩን። ኣብ ሞንጎኦም ንፉዓት ቀባእቲ፡ ቀረጽቲ፡ ደረፍቲ፡ ሳዕሳዕቲ፡ ... ነይሮም እዮም። ኣዕጽምቲን ስኒ ሓርማዝን እናጸረቡ ኣብ መናድቕ በዓቲታቶም ምስሎምን ምስሊ ከበቢኦምን ይስእሉ። ገለ ካብቲ ናይ ጥንቲ ናይ በዓቲታት ስእሊ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተረኺቡ እዩ። ንዝተፈላለዩ ምርምርን ቱሪዝምዊ ስሕበትን የገልግል ኣሎ።

መውዳእታ ምዕራፍ ናይ ዘመነ በረድ ምስ ኩነ ሰብ ካብቲ ናይ ሓባራዊ ናብራኡ ወጺኡ ኣብ ሞንጎኡ ክውዳደርዩ ጀሚሩ። ኤውሮጳ፡ ምዕራብ ኤሲያን ገለ ሰሜናዊ ክፋል ኣፍሪቃን ጸዓዱ፡ ምብራቕ ኤሲያ ቀያሕቲ፡ ኣብ ትሕቲ መዲተራንያን ከኣ ጸለምቲ ሰፈሩ። ብዙሓት ተጓዓዝቲ ካብ ኤሲያ ናብ ኣመሪካ ከይዶም ተቐመጡ። ኣዚኦም እቶም ሞበቌል ናይቶም ኣብ ምዕራብ ዝነብሩ ዝነበሩ ቀያሕቲ ህንዳውያን ምኳኖም ይንገር።

---

## common mistakes in English

ኣብ እንግሊዝኛ ብተደጋጋሚ ዝርአዩ ጌጋታት

MISUSED FORMS

THE USE OF WRONG TENSE

1.1. Using the past tense after the sign of the infinitive “to.”

Don’t say: He tried to kicked the ball away.

Say: He tried to kick the ball.

The past tense of the indicative mood cannot be used after the infinitive sign “to.”

2. Using the past tense after an auxiliary verb, instead of the past participle.

Don’t say: I have forgot to bring my book.

Say: I have forgotten to bring my book.

The past participle (and not the past tense) should be used with the auxiliary verb “have” and its parts.

3. Using “must” or “ought” to express a past obligation.

Don’t say: you ought to come yesterday.

Say: - You ought to have come yesterday.

- You should have come yesterday.

- You had to come yesterday.

“Must” and “ought” cannot be used as past tense. To express a past duty (which was done) we may use the perfect infinitive after “ought” or “should,” or such expressions as “had to,” “was obliged to.”

NOTE. But in indirect speech “must” and “ought” may be used as past tenses: as, “He said he must do it.”

4. Using the present perfect instead of the past tense.

Don’t say: I have seen a good film yesterday.

Say: I saw a good film yesterday.

The past tense (and not the present perfect) should be used for an action completed in the past at a stated time.

NOTE. When your sentence has a word or a phrase denoting past times, like “yesterday,” “last night,” “last week,” “last year,” “then,” “ago,” etc., be sure always to use a past tense.

5. Using the past tense instead of the present perfect.

Don’t say: I saw the Parthenon of Athens.

Say: I have seen the Parthenon of Athens.

If we are speaking of the result of past action rather than of the action itself, we must use the present perfect tense. When somebody says, “I have seen the Parthenon” he is not thinking so much of the past act of seeing it, as of the present result of that past action.

Source: COMMON MISTAKES IN ENGLISH

---




Little Johnny’s father said, “let me see your report card.”

Johnny replied, “I don’t have it.”

“Why not?” His father asked.

“My friend just borrowed it. He wants to scare his parents.”

Aryam and Biety
Warsay Yikallo Sec. School - Sawa
source: jokes of school

---

“ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ህይወተይ ዝተማሃርኩዎ እንተሎ፡ እዚ ኵሉ ስነ-ፍልጠትና ምስ ክውንነት ኣዛሚድና ኢና እንዕቅኖ። እዚ ኣረጊትን ናይ ቈልዑ ስራሕንዩ። ግን ከኣ ዘለና ዝበለጸ ነገር ንሱ እዩ።”

- ኣልበርት ኣይነሽታይን

---


መዓልታዊት ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247
hadas@zena.gov.er

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 125394-08204224

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ኤደን ዘርኢጋብር


| | | |
|---|---|---|
| መጥፋእቲ ሓዊ<br>202099<br>202260 | ፖሊስ ዞ/ማእከል<br>ፖ/ትራፊክ ዞ/ማእከል)<br>120555 | ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ<br>152817 |
| | ማ.ቤ.ጽ. ፖሊስ ኤርትራ<br>127799 | |

# በዓል ወዳእ

መበል 98 ክፋል



ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er

ሳዶር ንፈለማ እዋን ኣብቲ ሰሊና ዝተኻረየቶ ቤት ክኣቱ እንከሎ ልቡ ጸልኢ ዘይኮነት ፍቕሪ'ያ ትተኽኽ ነይራ። ኣስመራ 'ናይ ፍቕሪ ከተማይ' እናበለ'ዩ ዝጽዋዓ ነይሩ። ምኽንያቱ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ምስ ረገጸ እተን ቀልጢፈን ናብ ኣእምሮኡ ዝመጽኣ ኣዋልድ ምጭዋት ደቀ'ስመራ'የን። ናይ ሕጂ ጉዕዞኡ ግና ከምቲ ዝለመዶ ኣይነበረን። እታ ናይ ፍቕሪ ከተማይ እናበለ ዝጸውዓ ኣስመራ ናይ ኣፍቃሪቱ ጉድ ከተርእዮ'ዩ ዝጸበያ ነይሩ። ስለዚ ፍቕሪ እናሓሰበ ዘይኮነ ጸልኢ እናጠጀአ'ዩ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣትዩ። "ክንደይ ይጽብቐ ደኣሉ" ኣብቲ ሰሊና ሒዛቶ ዝኣተወት ክፍሊ ኩይኑ ኣደናቒቱ ገሊጹ። ሰሊና'ውን ኮኾብ ኢልካ ክትጠቕሳ ዘኽእል ጽባቐ ሓዚላ'ያ ኣብ ቅድሚኡ ነይራ።

"ሳዶረይ ኩፍ በል" ናብቲ ሰማያዊ ሕብሪ ዘለዎ መሳጢ ሳሎን ኣመልከተትሉ። ሳዶር ነቲ ኣብቲ ክፍሊ ዝተቐበሎ ዝሕልሕል ዝበል ናይ ፍሩታ ሽታ እናስተማቐረ ኣብ ሳሎን ተረየ።

"ሶሊ፡ ንዒሰከ ኣብ ቅድመይ ተቐመጢ" ገለ ክትቀራረብ ናብ ኩሽና ምስ ተበገሰት ከም ዕንቦብ ኣብ ቅድሚኡ ክትከውን ሓበረ። ሰሊና ደሙቕ ፍሽክትኣ ንጹሓይ ብምትዕጻጻፍ ኣብ ቅድሚኡ ተቐመጠት። ንፈለማ እዋን'ዩ ከምኡ ኢሉ ክጽዋዓ ሰሚዓቶ። ከም ሕጹያ መጠን ድማ ፍሉይ ስምዒትን ተሰፋን ኣስተማቐረት። "ኣቲ ሽኮሪና ከመይ ኣለኺ?" ሞራላ ዘበርኽ ኣደናቖት ለጊሱ ጠመታ። ዕምባብ'ያ መሲላ ነይራ። ከምቲ ዝበረቶ መውዳድርቲ ዝበረኣ'ውን ኣይትመስልን።

"እሾኻምበር ከመይ ኣለኻ?" ክምስምስ እናበለት ዓጺፈታ መለሰትሉ። ሓንስ ኣብ ገጹ ዝውሓዘ ማይ ከምሰል ጃሕጃሕ ይብል ነበረ። ቃና ናይ ኣፍቃሪኣ ንውሽጣዊ ስምዒታ ክቕይሮ እናተፈለጣ ንጥርጣሪኣ ክሳብ ምርሳዕ ክትበጽሕ ደለየት።

"ጽቡቕ ገዛ ኢኺ ተኻሪኺ" ኣዒንቱ ካብ ገጽ ሰሊና ናብቲ ዝበርሮ ክፍሊ ብምጥምዛዝ ከም ዝዕዘብ ኣዒንቱ ኣንከባለለ። "ጽብቕቲ ጎርሆ ኣብ ከምዚ ቤት በዩና. . ." ክብሎ ዝሓሰበ ከየበለ ሃንደበት ኣቋረጸ። ከይሓሰበ'ዩ ዘረባ መሊቕዎ ነይሩ። ንሱ ኣብ ጀርመን እንከሎ ምስ ኣፍቃሪኣ ዝፍጸምዎ ናይ ዓራት ፍቕሪ ተራእይዎ'ዩ ግንፍል ኢሉ። ግና ቀልጢፉ ስምዒቱ ተቘጻጺሩ። ነቲ ብፍቕሪ ዝተቐበሎ ቤት ግርማኡ ብዘይምቕንጣጡ ድማ ንኣምላኽ ኣማሰነ። ሰሊና ልዕሊ ብርካ ዝተሰቕለ ቀይሕ ዝሕብሩ ምስ ኑባ ዝጠበቐ ክዳን'ያ ተኸዲና ነይራ። እቲ ዝለበሶቶ ክዳን ናይ ውሽጢ ክዳውንታ ኣገሊሑ ዘርኢ ነበረ። 'ወዲ ንምቁጻጻር ሓደ ሚላ እዚ'ዩ' ዝበለት'ያ ትመስል። ብልክዕ ድማ ሳዶር ናብቲ ቤት ቅድሚ ምምጻኡም ኣብ መኪናኡ ተሰቒላ እንከላ'ዩ ኣእምሮኡ ክቕየር ጀሚሩ። ኩሉ ኩነታታ ንዕላል ፍቕሪ ይዕድም ምንባሩ ርኢዩ ምስ ኣበላ'ዩ ፈሊጡ። ኣብ ፈለማ'ውን ናይ ሰሊና ኣወራርባ'ዩ ኣብ ፍቕሪ ሸሚምዎ። ሰለምለም ናይ ኣዒንታ ክውተፎም ዝዕድሙ'ምበር ክትርሕቆም ዘየፍቅዱ ማዕጌት'የን።

ሳዶር ስምዒቱ እንተዝሰዕር ነይሩ ነታ ኑባ ንኻልእ ሂባ ፍቕሩ ዝቐተለት ጉርሆ ቀሊሕ ኢሉ ኣይምጠመታን። ኣብይ'ሞ ከምኡ ክዙበር ዘኽእል ዓቕሚ እንተዝዙበሮ ንዕኡ ምሓሾ። ምኽንያቱ ንዝበደሎ ጎርሆ ዘቀባጥር ስምዒት ኣይምሃለዎን። ልቢ ሳዶር ግና ኣብ ጽብቕቲ ሰንኩፍ'ምበር ተራሩ ክበድህ ዝኽእል ኣይነበረን። 'ጽብቕቲ ጓል ዝኸሰሰ ወዲ ምስ ዓዲ ደበኣሰ' ብምባል ድማ ቀው ኢሉ ጠመታ። እታ ክኢላ ሰሊና ድማ ኣዒንታ እናሰለምለመት ተጸበየቶ።



ሳዶር ካብ ኩፉ ዝበሎ ተሰኡ ናብቲ ሰሊና ተቐሚጣትሉ ዝበረት ኣንፈት ብስሕታ ተሳዒቡ። እታ ጎርሆ እየም ፍሩያት ኣዒንታ ተኸሊላ ተጸበየቶ። ብኽልተ ኣእዳዋ ሐዙ ከተሰኦ እንከሎ ድማ ክምስተኣ ጠፊኡ ፍዝዝ ኢላ ትጸበዮ ነበረት። ንሳ'ውን እቲ ደንጉ'ዩ ከም ሰቡ ዝኸውን ስምዒታ ተቘጻጺርዋ ነበረ። እየም ክልተ ሕጹያት ከንፈር ንከንፈር ክራኸቡ እንከለው ናይ እስትንፋሶም መቕት'ዩ ቀዲሙ ኣብ ከናፍርም በጺሑ። ንሓጺር ካልኢታት ተሰዓዒሞም ድማ ዓይኒ ንዓይኒ ተጠማመቱ። ቃላት ካብ ልሳን ክልቲኦም ኣናረሓቐ ድማ ብዘይካ ምጥምማትን ስውር ናይ ስምዒት ሕብራቶን ካልእ ደረኣዮም ኣይነበረን።

"ሳዶር ማዕጾ ክፍጽዋ" በለት ሰሊና ኣፍቃሪኣ ኑባ ሃሰሰ ክብል ስለ ዝጀመረ ቅድሚ ናብ ካልእ ምሰጋርም ዘስከፉ ነገር ክትገብር ስለ ዝደለየት።

"ኣኬ!" ሳዶር ሓሳብ ክትፍጽም ኣእዳዉ ካብ ኣጻብዕታ ብምእካብ ክሳብ ትምለሶ ክጸበ ጀመረ። ሰሊና ናብ ማዕጾ ክትሰገም እንከላ ኣካይዳኣ ተራ ኣካይዳ ኣይነበረን። መቐመጫኣ ብድሕሪት ከም ዘንቀጥቅጥ እናገበረት'ያ ኣብ ማዕጾ በጺሓ። ማዕጾ ተዓጽዩ ኣፍቃሪቱ ኣብ ሕቝፉ ክሳብ ዘኣቱ ዝተረበጸ ሳዶር ድማ ነታ ከም መቐመጫ ኣፍቃሪቱ ትዋሮንዎ ዝበረት ልቡ ይሕሉ ነበረ።

ወዲ ተባዕታይ ከመይ ጌሩ ከም ትሰልብ ዘይጠፍኣ ሰሊና ማዕጾ ድሕሪ ምዕጻዋ ተኸዲናቶ ዝበረት ክዳን ኣውጺኣ ኣብ ሳሎን ደርበየቶ። ሰንእንእ እናበለት ድማ ኣብ ቅድሚ ኣፍቃሪኣ ደው በለት። 'ኡፍ!' ኣስተንፈሰ ሳዶር። ኣብ ውሽጡ እሳተ ጎመራ ከይፈጥር ዝሰግኦ ዝበረ ቃጻሎ'ዩ ሃልሃል ዝበል ነይሩ። 'ጽባቐ ደቀንስትዮ ክዳን ደኣ ሸፊንዎ ከይከውን' ብምባል ነቲ ብዙሕ ሰብ ዘይረኸቦ ጽባቐ ጓለንስተይቲ ኣገሊሑ ዘርኢ ምርኢት፡ ኣዒንቱ ኣፍጠጠ ተመልከቶ። ቃንጫ ዝመስል ተኸለ ሰብነት'ዩ ኣብ ቅድሚኡ ቀይሙ ነይሩ። ጓል ሕብእ ጽባቐኣ ድሕሪ ክዳና ከም ዘሎ እናኣመነ ድማ፡ 'እንቋዕ እዚ ጽባቐ'ዚ ኩሉ ዝርእዮ ኣይከውን' ብምባል ዕርቃን ሰሊና በይኑ ከም ዝረኣዮ ብሓበን ኣፍ ልቡ ነፍሐ። እቲ ግና ዘይፈለጦ ተቓጺሉ ግና፡ ንሱ ዝረኸቦ ዕድል ከም ዝረኸበ ምስ ሓሰበ ሕርቃን ክትል ኢልዎ ስምዒቱ ክብለል ተፈለጦ። እቲ ከም ተቓጺለ ዝልብልቦ ዝበረ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ስምዒት ግና ቀልጢፉ ከም ዝርሰዖ'ዩ ጌሩ። ምኽንያቱ ምንም መሸፈኒ ዘይነበሮ ዕርቃን ጓለንስተይቲ'ዩ ኣብ ቅድሚኡ ኩይኑ፤ 'እንታይ ኢኻ ክትገብር' እናበለ ዝጸበዮ ነይሩ። እቲ ኑበሲ'ቲ ድማ ንዘርስሖ ከም ዘይብሉ'ዩ ዝኣምን። 'ኣዓም ሓቂ'ዩ ብሾዋን ክስሕት' ድማ በለ ጓል ፈጠርካ ኣይትሱሓት ምባል ቅኑዕ ከም ዘይነበረ እናሓሰበ።

ሳዶር፡ ናብታ ከም ሓወልቲ ደረቓ ብዘሰለምልም ዓይኒ ኣዒንቲ ትጸበዮ ዝበረት ሰሊና ቀረበ። ኩሉም ናይ ስምዒት ህዋሳቱ ቀልጢፍ እናበለም'ዩ ክሃድእ ዝፍትን ነይሩ። ምኽንያቱ ከም ሰብ መጠን ንስሰዐኡ ክቆጻጸር ክኽእል ኣለዎ። ወላ ደኣ ሰሊና ሕጽይቱ ትኹን'ምበር ድኻሙ ክትፈልጥ ኣይደለየን። እምበር እቲ ዝርእዮ ዝበረ ልቢ ሳዶር ይትረፍ ልቢ መልኣኽቲ'ውን ዝጸወሮ ይመስሎ ኣይነበረን። "I LOVE YOU SOLI!" ኢልዋ ናብ ከናፍራ ተጸግዐ። ጣዕሚ ናይ ከናፍራ፣ ሽታ ናይ ኣፋ፣ ናይ ኣጻብዕታ ምንቅስቓስ . . . ኩታ ንዘርኸቦ ፍቕሪ መግለጺ ክሳብ ዝስእኑ ብሓጎስ ክትኩስ ደለዩ። "ሶሊ ረጂ. . ." ካብ ዝተዋሕጠ ቃና ዝመለቐ ዘረባ መዛዘሚ ከይገበረ እንከሎ ሰሊና ንመትሓዚ ጠባ ብሓደ ወስታ ፈቲሓ ኣብ መሬት ክትድርበዮ ሓደ ነበረ። ኩሉ ንዓኻ ትብሎ ዝበረት'ያ ትመስል። 'ጽባቐ ጓል ከም ዝገልሕ ዝዙበሩ ካብ ቀንዲ ኣካላት ጓል ኣጥባር'የም መሰሊ' ሓሰበ። ኣብ ኣፍ ልቢ ሰሊና ዝተቐመጡ ኣጥባት ከም ብሸሩርዓት ክሰንጠቕ ዝደለየ ኀበዘ ተኣንቲርም ምስ ጠመትዎ ከም ጥዑም መግቢ ዝሽተቶ ክልተ ሳዕ'ዩ ምራቑ ጎሪዑ ኣብሊዑ። እየም ኣብ ኣጥባት ዝርከቡ ጫፋት፡ ኣዒንቲ ክመስሉ ከውራሕርሑ ረኣየም። ደንጉኻ ዝብልዎ ዝበሩ መሰልዎ ድማ ከብዲ ኢዱ ከዕልበሎም እንከሎ ንኣየም'ውን ብየቕሞም ክዓፍኡ ጀመሩ። "ኣንቲ እንታይ ዓይነት ሰብ ኢኺ ንስኺ!" በለ ኣብ ክልተ ስምዒት ተቐርቂሩ። ኣብ መንጎ ጽልእን ኑበሲ ሰሊናን ተቐርቂሩ'ዩ ዘዕሉበጥ ዝበረ።

"ኢሂ!" ድኹም ናይ ሰሊና ቃና ካብ ልሳና ከቃልሕ እንከሎ ብእስትንፋስ ተደፊኡ ነበረ። እንታይ ክበላ ከም ዝደለየ ኣይተረድኣን።

"እንድዒ ከለንተናይ ወሲድክዮ" ናብ ዓራት ከምርሑ እንከለው ዘድመጾ'ዩ - ዓራት መወድኢ ናይ ዝተጀመረ ጸወታ ፍቕሪ ስለ ዝኾነ።

***

ቢንያምን ኤርሳኖስን ብስሙኑ'ዩም ምድላዋት'ቶም ኣጻፊፎም። ናይ ክልቲኦም ኣዕሩኽ ዝኸኣለም ሓገዘ ከበርክቱ ተሓቲቶም ብምንባርም ኩሉም ዓቕሞም ጌሮም ነታ መዓልቲ ቀጸራ ጥራይ'ዩም ዝጸበዩ ነይሮም። መርሃዊት እንታይ ከም ትሓስበላ ትፈልጥ ብዘይምንባራ ናብ ቦታ ቀጸራ ክትበጽሕ እንክላ ንደቒቕታ ዘኾና ቃላት ካብ ምንዳይ ወጺኢ ንኻልእ ድልወት ኣይነበረትን። ሕማቅ ክበጽሓ'ዩ ዝበል ሓሳብ ስለ ዘይነበራ'ውን ዝተሰምዓ ፍርሒ ኣይነበረን። ኣቐዲማ ናብ ቦታ ቀጸራ ክትብጽሕ እንክላ ብዙሕ ቓላት'ምበር ብዙሕ ትኽደና ክዳን ግዳስ ስለ ዘይነበራ ተራ ክዳን'ያ ተኸዲና። ቅድሚ መዓልቲ ቀጸራ ንቢንያም ክትደውለሉ ዝበረ ሓሳብ ብሰንኪ ናይ ሓትኖኣ ዕንቅፋት ክሰምር ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ወ/ሮ ሮማ ኣብቲ ኣጋጣሚ ጉዳይ ረኺባ ካብ ቤት ኣይወጸኣትን።

"ኣንታ ፈጣሪ እዚ ወዲ ልበይ ከደንግጽ ዘኽእል ዘረባ ከይዛረብ ብኣፉ ሕዘለይ።" መርሃዊት ናብ ፈጣሪኣ ጸሎት ኣዕረገት። ደንጋጺት ብምኳና ብቓላት ካብ ዝሓሰበቶ ውሑዲ ከይተንደልህጽ ስግኣት ኣለዋ። ቢንያም ጸኒዑ ኩይኑ ክጸንሓ ኩይና'ያ ትምነ።

መርሃዊት፡ ኣብ ከበቢ ዝተቛጸረቶ ቦታ ምስ በጽሐት ድምጺ መኪና ሰሚዓ ንድሕሪኣ ግልጽ በለት። ኤርሳኖስ ወዲ ገዛውታ ድማ ማኪና እናመርሐ ኣብ ኣዒንታ ኣተው። ከንፈራ ንኽምስታ ከፈታ ድማ ናብታ ብቕድሚኣ ደው ዝበለት መኪና ሰጎመት። ንቢንያም ስለ ዘይረኣየቶ 'ብድሕሪት ኣሎ ማለት'ዩ' ዝበል ሓሳብ'ዩ ነይርዋ። ዘይረኣየቶ'ኳ እንተመሰላ ምስ ቀረበት ኣብ ማኪና ምስ ተጸግዐት ግና ከም ትጸበያ ኣየጋጠማን። ኤርሳኖስ ምስ ካልእ መንእሰይ'ዩ ጸኒሕዋ።

"መርሃዊት ማለት!" በለ ኤርሳኖስ ፍልይ ብዝበለ ቃና። ከምኡ ጌሩ ስማ ጸዊዑ ስለ ዘይፈልጥ መርሃዊት ግርኳ እንተበላ ናይ ሰላምታ ዓጸፌታ ግና ኣይረሰዐትን።

"ኤርሳኖስ ከመይ ኣለኻ፣ በኒኸ ደኣ?" እቲ ዘገድሳ ሕቶ ሰንድያ መልሲ ተጸበየት። እየም ክልተ ኣብ ማኪና ዝበሩ መንእሰያት ምሉእ ባድላ ምኽዳኖም'ውን ከየገረማ ኣይተረፈን።

"ንዕናይ ጥራይ ይጸበየና'ዩ ዘሎ!" ኤርሳኖስ ታህዋኽ ከም ዝበሮ ብዝሕተበር ቃና መለሰ። መርሃዊት ዝኾነ ከይሓሰበት ኣብ ዳሕረዋይ ማኪና ኣተወት። መኪና ከም ንፋስ ክትዝበርር እንከላ ልቢ መርሃዊት ድማ ዝሰምዖ ከም ዘለዎ ሓፍሓፍ በለ።

***

"እዚ ወዲ ወላ ሓንቲ በደል ከም ዘይብሉ ኣረጋጊጸና ኢና።" መቐረት ምስ መሓዝኣ ኣብ ዝተራኸበትሉ ኣጋጣሚ ንጸህና ናይ ሲናይ ክትሕበር'ያ ተሃዊኻ።

"ሓቅኺ ዲኺ መቐረት?" ዝገረማ ሰሊና ካብ ምጥርጣር ከይወጸት ሓተተት። እቲ ጉዳይ ብዝርዝር ምስ ሰምዓቶ ድማ ካብ ምግራም ከይረሓቐት'ያ ዝን ኢላ ፈዚዛ። "ፈጺሙ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ መቐረት።"

"እንታይ ኩይኑ ዘይከውን!" ዘይተኣምነት መሓዝኣ ክትቁጣዕ ደለየት። "ንዓይ ኣይትኣምንንን እንተኾንኪ ተዛረቢ። ካብቲ ንሳዶር ተመሳሊሉ ናብ ሲናይ ዝለኣኽናዮ ደረኽቦ እንተኢልኪ ድማ ጸገም የብሉን።"

"እንታይ ደኣ ክብሎ'የ እዚ ጉዳይ?" ኣብ ዝያዳ ስግኣት ወዲቓ ሓተተት። "ሳዶር ኩነ ኢሉ ከምኡ ክገብር ይኽእል? ሲናይ ዝበሃል ተመሳሲሊ ሰም ዘለዎ ወዲ ደዋልሉ ክበሃልክ ይኽእልዶ?"

"እንድዒ ንዓይ'ውን ገሪሙኒ'ያ ዘሎ። ብዘኾነ ሲናይ ንጹህ ምኻኑ ምእማን እቲ ዘገድሰና ጉዳይ ብምንባሩ እዚ ኣርእስቲ'ዚ ተዓጽዩ ኣሎ።"

"ግና ከመይ ገይርኪ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ንጹህ ምኻኑ ኣሚንክሉ? ንስልዮ ከም ዘለና ኣረጋጊጹ ተዋሲኡ ፈጺሙ እንተኾይኑኸ መቐረት?"

"ሶሊ ካልእ ጉዳይ እንዶ ግዳ ኣናድዩ። ኣኑ ጥርጣረይ ኣብ ልዕሊ ሳዶር'ዩ ዘሎ። ምኽንያቱ ምስ ሲናይ ዘለኪ ርክብ ሰቡት ነጊሮሙልኪ ከይኮኑ'ዩ ስግኣተይ። ሳዶር ዝፈለጠ ፈለጠ፣ ሰም ኣፍቃሪኺ ምስ ተሳዕለ ተርእዩ ሰንባዱ ከመይ ከም ዝመሰለን ብኸመይ ከም ተሸኪሙ የረጋግጽን ክፈልጥ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከይከውን ጥርጣረ ኣሎኒ። ንስኺኸ ከምኡ ኣይትጥርጥርን?" ርእዩቶ መሓዝኣ ክትሰምዕ ተጸበየት።

"እንድዒ ጓለይ!" ኩሉ ነገር ሕውስውስ ዝበላ ሰሊና ትብሎ ትፈልጥ ኣይነበረትን። "ግና ትማሊ ምሳይ ሓዲሩ ነይሩ ዝኾነ ንጥርጣሬ ዝዕድም ዘረባ ኣይተዛረበንን። እኳ ደኣ ካብቲ ዝፈልጦ ባህርያቱ ዝተለወጠ ነገር ኣይረኣኽሉን።" ዝሓለፈ ለይቲ ዝፈጠረላ እምነት ከይሓብኣት ሓበረታ።

"ኣቲ ጓል ሓያል ኩኒ!" ማዕዳ ጀመረት መቐረት። "ደሓር ድማ ሱቕ ኢልኪ ዲኺ ምስኡ ትሓድሪ? ሴክስ ገይረ ጥራይ ከይትብልኒ?" ብዘጠንቅቕ ስምዒት'ያ ጠሚታታ።

"እዋእ ተጻለለ ደየ! እንታይከ ክደግም። ኣብ ልዕለይ ዘለዎ ስምዒት ከየረጋገጽኩሉ ኑበሰይ ድማ ክህቦ! ኣይውዕሎን ጓለይ።" በለት ዕትብ ኢላ። መቐረት ዝኾነ ነገር ከይተዛረበት ብፈታሻ ኣዒንቲ ቀው ኢላ ጠመተታ። "እንታይ ደኣ ከምኡ ገይርኪ ትጥምትኒ?" ድሕሪ ምባል ዝሰዓራ ሰሓቕ ምዕጋት ስኢና ተዋጠረት።

"ገይርኪ ኢኺ" በለት መቐረት ብኣዝዩ ቁጡዕ ስምዒት። "ኣንቲ መሕፈሪት መሓዙታ! እንታይ'የ ክገብረኪ ንዓኺ ኣነስ! ቅድሚ ኑበስኺ ምሃብኪ ናይ መርዓኺ ጉዳይ ግዳ ዘይተጣልለ።"

"ንስኺ ክሳብ ሕጂ ምስ ሴም ሴክስ ኣይፈጸምክን?" ናይ መሓዝኣ ኣካይዳ ክትፈልጥ ሓተተት። ከምኣ ርክብ ክትፍጽም'ዩ ድሌታ። ምኽንያቱ እቲ ስክፍታ ምእንቲ ክቕንጠጦ።

"ሞይተ ደየ! ኩርዓት ናይ ጓል ዘሎ ሰብ እኳ'ዩ። እንታይ መጸኣኒ'የ ዝተባህልክዎ ዝዙበር።"

"ኣቲ በቃ በሊ ይኣኽለኪ!" ዓገተታ። ምኽንያቱ ንቐሪፈታ መሓዝኣ ክትጻወር ትኽእል ብዘይምኳና።


ይቕጽል

# ካብዝን ካብትን

ምሕረት ኣብ ፍስሃየ

## ናይ20 ካልኢት መምልኢ ባትሪ ሞባይል (charger)

ሓንቲ ጓል 18 ዓመት ህንዳዊት ኣሜሪካዊት ጎርዞ ንሞባይል ቴሌፎን ኣብ ውሽጢ 20 ካልኢት ቻርጅ ክዝውር



ብቕዓት ዘለዎ ሓያል ካፓሲተር ብምምሃዝ ኣደናቖት ረኺባ።


እታ ኣብ ሳራቶጋ- ካሊፎርኒያ ዝምቕማጣ ዔሻ ኻር ዝተባህለት ጎርዞ ብትካል ኢንተል ዝካየድ ሱፍልጠተኛ ተባሂላ ክትሽለም በቒዓ ኣላ። እዚ ዔሻ ዝመሃዞቶ ኣዝዩ ደቂቕ መሳርሒ ኣብ ሞባይል ቴሌፎን ባትሪ ክግጠም ዝኽእልን ነቲ ባትሪ ድማ ኣብ ውሽጢ 20 -30 ካልኢት ቻርጅ ክዝውር ዝኽእል'ዩ።

ብመሰረት መግለጺ ዔሻ፡ እቲ ዝመሃዞቶ መ ሳ ር ሒ 10,000 ግዜ ቻርጅ ክግበር ይኽእል። እዚ ማለት፡ እቲ ናይ ዔሻ ካፓሲተር ዝተገጥመሉ ቻርጅ ክኸውን ዝኽእል ባትሪ ን10,000 ግዜ ከም ብሓድሽ ክምላእ ይኽእል'ዩ። እዚ ልዑሉ ካፓሲተር (super capacitor)፡ ክሱብ ሕጂ መጻወዲ ስም የብሉን። ኣብ ውሽጡ ግን ኣብ ንእሽቶ ቦታ ኣዝዩ ብዙሕ ጸዓት ክዕቆብ ስለዝኽእል ቀልጢፉ ብምምላኡ ነቲ ዝመልኦ ቻርጅ ንነዊሕ ግዜ ናይ ምዕቃብ ዓቕሚ ኣለዎ።

## "ሌንቲኩላር" ደበናታት

ሰማያት፡ ኩሉ ግዜ ዘቋርጹ ምንጪ ምስጢ ደቂ ሰብ ምኻኖም እዮም። ሓደ ካብዚም ኽፍሲ ወከፍና ብዘተፈላለየ መልክዑ ዓቕኑ ቅርጽን ሕብርን ክንርእዮ ዝበቃዕና ሰማያዊ ኣካል ደበና'ዩ። እዚ ዝተፈላለዩ ኣፈጣጥራ (ኣቃውማ) ደበናታት ንዝመናት ዝኣክል ብክኢላታት ሜትዮሮሎጂ መጽናዕቲ ተኻይዱሉን ኣሎ። በዚ መሰረት፡ እዞም ክኢላታት ሜትዮሮሎጂ፡ ኣብ ኣቃውማኦም ተሞርኲሶም ንደበናታት ዝተፈላለየ ሰየማታት ሂቦሞ ኣለው። ሓደ ካብኦም እምበኣር፡ እቲ ናይ ጽምዱ- ጉብጉብ (biconvex) መልክዕ ቅርጺ ዘለዎ 'ሌንቲኩላር' እናተባህለ ዝጽዋዕ ዓይነት ደበና'ዩ።

'ሌንቲኩላር' ደበናታት ኣብ ኣዝዩ ልዑል ብራኸ ስለዝፍጠሩ altocumulus lenticularis እናተባህሉ'ውን ይጽውዑ'ዮም። ብኣቃውማኦም ድማ ምስ'ቲ ኣንፈት ንፋስ ብትኽሉ ዝተሰርዑ'ዮም። እዞም ዓይነት ደበናታት'ዚኦም፡ ብዘይፍሉጥ ቅርጺ መግለጺ ናይ ገለ ዘይተፈልጡ በረርቲ ኣካላት (unidentified flying objects)



ኮይኖም ክገልግሉ'ውን ተራእዮም'ዮም።

ጠሊ ዘለዎ ህዱእ ንፋስ ኣብ ልዕሊ ኣኽራናት ክሓልፍ እንከሎ፡ ተኸታተልቲ ዓበይትን ቀጥ ዝበሉን ማዕበላት ክፍጠሩ ይኽእሉ'ዮም። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ኣብ ጥርዚ ናይ'ቲ ማዕበል ዝርከብ ዓቐን ሙቐት ናብ ዛዕዛዕታ (dewpoint) ደረጃ ምስ ዝወርድ፡ ኣብ'ቲ ኣየር ዝርከብ ጠሊ ብምስራብ (condense) 'ሌንቲኩላር' ደበናታት ክፍጠር ይኽእል። እዚ ጠሊ ዝሓዘለ ኣየር ናብ ጋቦ ናይ'ቲ ማዕበል ምስ ዝምለስ ግን እቲ ደበና ክበትን ይኽእል'ዩ።

## ሓደገኛ ቢንቶ ፈለግ ቪቲም

ኣብ ዞባ ሳይበርያ ሩሲያ ቪቲም ተባሂሉ ዝፍጠር ኣዝዩ ገፊሕ ፈለግ ኣሎ።



እዚ ፈለግ'ዚ ከም መሳገሪ ኮይኑ ዘገልግል ካብ ጣውላ ዝተሰርሐ ቢንቶ ግን ኣዝዩ ኣብ ሕማቕ ኩነታት'ዩ ዝርከብ። ንሓንቲ መኪና ጥራይ ከምዝሕልፍ ኮይኑ'ዩ ተሰሪሑ። ንውሓቱ ድማ ንሓደ ክኢላ ኣውቲስታ ንኸሳግሮ (እናዘወረ ማለት'ዩ) 3 ደቓይቕ ዝወስደሉ 570 ሜትሮ እዩ። ክኢላ ኣውቲስታ እንተዘይኮይኑ ግና ናብ 15 ሜትሮ ትሕቲቱ ዝርከብ ፈለግ ቪትም ምጥሓስ ዘይተርፍ'ዩ።

ዞባ ሳይበርያ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሩሲያ ዝርከብ ኣዝዩ ቁሪሪ ዞባ'ዩ። ዳርጋ ዓመት ምሉእ ድማ ብበረድን ወርጮን ዝተሸፈነ'ዩ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ዝበዝሐ ግዜ ማእከል ናይቲ ቢንቶ ሓጊዙ ክትገዓዝ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ ኣዝዩ ሓደገኛ'ዩ። ማለትሲ ጠልጠል ዝበለ በረድ የዕቅኖ ቁሩብ ወሰን እንተ ኢልካ ኣኸሊኻ'ዩ። ይኹን'ምበር ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ቢንቶ ብርግጽ ተቐማጦ ናይቲ ከባቢ'ዮም። እዞም ተቐማጦ ብቐጻሊ ብመኪና ክመላለሱ'ዮም ዝረኣዩ። ምኽንያቱ ነቲ ፈለግ ንምስጋር ዘለዎም እንኮ ኣማራጺ እዚ ቢንቶ'ዚ ጥራይ ስለ ዝኾነ።

## ጠቓሚ ምኽሪ

ሓንቲ ናይ ስነልቦና መምህር፡ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ጸቕጢ (STRESS MANAGEMENT) ንተጋሩኣ፡ ኣስተምህሮ ኣብ ትህበሉ ዝነበረት እዋን፡ ካብ ሓደ ኩርናዕ ናብ'ቲ ካልእ ኩርናዕ ናይ'ቲ ክፍሊ እናተንቀሳቐሰት፡ ክሳብ ፍርቂ ማይ ዝመልአት ብኬሪ ኣልዓለት። ኩሎም ተጋሩኣ፡ ብዛዕባ'ቲ ማይ ዘይሓዘ ክፋል ወይ ድማ ብዛዕባ'ቲ ማይ ዝመልአ ክፋል ናይ'ቲ ብኬሪ ክትሓቶም ምኳና'ዩ ተጸበዩ። ንሳ ግን ኣብ ክንድኡ፡ ገጻ ብፍሽኽታ ኣብሪሃ "እዚ ናይ ማይ ብኬሪ ክበደቱ ክንደይ'ዩ ኢልኩም ትሓስቡ?" ክትብል'ያ ሓቲታቶም። መልሲ ናይቶም ተጋሩኣ ካብ 227 ግራም ክሳብ 567 ዝፈላለ ነበረ።

ንሳ ብወገና፡ "እቲ ሓቀኛ ክብደት ኣይጠቕምን ዝገድሰ፡ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ከም ዝሓዝኩሞ (ከም'ተሰከምኩሞ) እዩ ዝውስኖ። ንሓንቲ ደቒቕ ጥራይ እንተሓዚኹሞ ጸገም የብሉን። ንሓደ ሰዓት ዝኣክል እንተተሸኪምኩሞ ግን ቅልጽምኹም ናይ ምርብራብ ቃንዛ ክስምዓኩም'ዩ። ንሓደ መዓልቲ ምሉእ እንተዝሸከምኩሞ ከ ድኣ? ኢደይ ደንዚዙ ምስ መሰለ፡ ኣብ ሆስፒታል ወከፍ (ስለስቲኣ)" ኢጋጥመኩም። ክብደት ናይ'ቲ ብኬሪ ኣይተለወጠን። ይኹን'ምበር ንነዊሕ ግዜ ብዝተሸከምኩሞ መጠን ዝያዳ እናኸበደ ይመጽእ። ስለ'ዚ ጸቕጥን ጭንቀትን (ሻቕሎትን)'ውን ኣብ ሂወት ደቂ ሰብ ልክዕ ከም'ዚ ናይ ማይ ብኬሪ'ዮም። ንሓጺር ህሞት ብዛዕባኦም ምስ እትሓስብ ዋላ ሓደ ዘቖጥር (ዘጋጥም) ነገር የለን። ንነዊሕ ዝበለ ግዜ ከኣ ብዛዕባኦም ሕሰብ፡ ክሳዕ ክቐስኑ ክጅምሩ'ዮም። ንምሉእ መዓልቲ ብዛዕባኦም ክትሓስብ እንተወዲልካ'ሞ ኣኽሊሉካ ክትለምስ ኢኻ፡ ዋላ ሓንቲ ነገር'ውን ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት'ዩ" ብምባል መሳጢ መብርሂ ሂባቶም። እሞ………. ነታ ዝተሸከምኩምና'ያ ብኬሪ ማይ ምቕማጥ ኣይትዘንግዑ!!


## ዋዛ ካብዝን ካብትን

ሓደ ምስሌኒ ናብ ሓደ ፍትዋት እንስሳታት (pet animals) ዝሸየጠሉ ዱኳን ብምምራሕ ማዘናግዒ ዝኾነ ሓደ እንስሳ ክገዝእ ከም ዝደለየ እቲ በዓል ድኳን ሓበሮ። በዓል ዱኳን ትቕብል ኣቢሉ፡ "ንዓኻ ዘድልየካ ነገር ኩሉ ኣሎ፡ እታ ትርእያ ዘለኻ ሕንጻይ (ፓፓጋሎ) ንኣብነት ብምዝራብ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ጸጋማይ እግራ ዘላ ገመድ እንተስሒብካያ ምሉእ መዚቃ የስምዓካ፡ ኣብ የማናይ እግራ ዘላ ገመድ እንተስሒብካያ ድማ ጸሎት ከስምዓካ ይኽእል እዩ" ብምባል ብዛዕባ እቲ ሕንጻይ ብሓበን ተዛረበ። በዚ ዝተገረመ ምስሌኔ ከኣ "ብሓቂ ዓጀብ ዘብል ክእለት'ዩ። ግን ክልቲኣን ገመድ እንተስሒብካየን እንታይ ይገብር?" ክብል ሓተተ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ዋና ክይተዛረበ ወዮ ሕንጻይ' "ኣንታ ደንዛዝ ምስሌኔ ካብ ሰፈረይ እወድቕ'ምበር እንታይ ክገብር ድኣ!" ብምባል ኣሰንበደ።


## ብራዚል ኣገራሚ ትርኢት ኣፍላግ

ኣብ ብራዚል፡ ኣብ መንጎ ጸሊም ፈለግ (rio negro)ን ፈለግ ኣማዞን፡ ኣብ'ቲ ናይ ክልቲኦም መራኸቢ ዝፈጥር ኣደናቒ ትርኢት



ብፎቶግራፍ ዝተጸብጸበ ሰእሊ'ዩ ግን ባህርያዊ 'ተርእዮ እዩ' ኢልካ ክትዛረብ ዘደፍር እዩ። 'ሪዮ ኔግሮ' ከም'ቲ ስሙ ዝሕብሮ፡ ናብ ወጻእ ጸሊም ዝቐራረብ ጸለሎ ዝመስል ማይ'ዩ ዘለዎ። በንጻሩ ፈለግ ኣማዞን ብሓጺ ዝተሸፈነ ጨዓይ ዝሕብሩ ማይ ኣለዎ። ምእንቲ'ዚ ኣብ ብራዚል ዝርከብ ላዕለዋይ ክፋል ኣማዞን "ጨዓይ ፈለግ"(rio salimoes) ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። እቲ ኣገራሚ ትርኢት ናይ'ዞም ክልተ ኣፍላጋት እምበኣር፡ ካብ'ቲ መራኸቢ ጆግራፊያዊ ክልቲኦም ማያዊ ኣካላት ክሳዕም ፈጺሞም ከይተሓዋወሱ (ከይተጸምበሩ) ብ6 ኪሎ ሜተር ዝኣክል ጎድኒ ንጎድኒ ኣብ ሓደ መስመር (ሸንጨር) ስለ ዝውሕዙ እዮም። በዚ ምኽንያት ከኣ መስሕብ በጻሕቲ ሃገር ክኾኑ ባህርያዊ ነገር'ዩ።

እዚ ፍሉይ ተርእዮ ናይ'ዞም ኣፍላጋት ካብ ምንታይ'ዩ መንቀሊኡ ዝበል ሕቶ ምልዓል'ምበር ኣገዳሲ'ዩ። መልሱ ከኣ "ብዓቐን መቐት፡ ብፍጥነት ዋሕዝን ብጽፍሰት (density) ማይን ስለዝተፈላለዩ እዮም" ዝብል'ዩ። በዚ መሰረት 'ሪዮ ኔግሮ' ኣብ 28c ዓቐን መቐት ብ2 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት ክጓዓዝ እንከሎ፡ ፈለግ ኣማዞን ድማ ኣብ 22c ብ4 ክሳብ 6 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት ፍጥነት ይውሕዝ።

## ክሪስቶፈር ጋርድነር

ኣብ 2006 The pursuit of Happiness ዝርእስታ ናይ ዊልስሚዝ ፊልም ተዓዚብኩም እንተዘይኮንኩም እሞ ድማ ዊል ስሚዝ ብዛዕባ ታሪኽ ሂወት ዘዘንቱ ፊልም እንተሰሪሑ እቲ ታሪኽ ሂወቱ ዝተዘንተወሉ ሰብ ናይ



ብሓቂ ኣብ ሂወቱ ዕዉት ምኻኑ ክትግንዘቡ ትኽእሉ ኢኹም። ክሪስቶፈር ጋርድነር እምበኣር ሓደ ካብዞም ዊል ስሚዝ ብዛዕባ ታሪኽ ሂወቶም ፊልም ዝሰርሓሎም ሰብ'ዮም። ከም ቁልዓ ኮይኑ ኣብ መናበዩ ድኻታት እትው ወጻእ እናበለ ዝዓበየ ክሪስቶፈ ጋርድነር፡ ኣብ 2006 ዝነበሮ ሃብቲ 65 ሚልዮን ዶላር'ዩ ዝግመት ነይሩ። ኣብ መጀመርታ 1980ታት ሰበይቱ ምስ ሞተቶ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ህጻን ምስ ዝነበረ ወዱ ቤት ኣልቦ ኮይኑ ኣብ ፈቐዶ ጎደናታት ሳንፍራንሲስኮ ከሉል ክብል ዘይረኣዮ ተቐማጣይ'ታ ከተማ ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። ከምዚ ኮይኑ ግን ተስፋ ከይቆረጸ ኒጋዳይ ኣክስዮን ኮይኑ ክዕወት ብምሕላን ኣብ ዲን ዊተር ረይኖልድስ ዝተባህለ መሰልጠኒ ማእከል ንሓጺር ግዜ ስልጠና ወሰደ። ዝነበሮ ገንዘብ ንመደቀሲ ይትረፍ ንመግቢ ዝኣኽሎ'ውን ስለዘይነበሮ፡ ምስ ወዱ ኣብ መዛናግዒ መናፈሻታትን ህዝባዊ ዓይኒ ምድርን እናሓደረ ንነዊሕ ሰዓታት ብምስራሕ ናይ ገዛእ ርእሱ ትካል ክሳብ ዘውንን ክርሕቕ ነይርዎ። ኩሉ ጻዕርታቱ ድማ ኣብ 1987 ፍረ ሃበ፡ ጋርድነር ናብ ቺካጎ ብምኻድ ናይ ገዛእ ርእሱ ትካል ደሰላ ከፈተ።

እዚ ሰብ'ዚ ዕላማኡ ንምውቃዕ ዝበረኾን ቁንጣሮ ገንዘብ እናዋህለለ፡ ክሳብ ንዕኡን ንወዱን ዝኸውን መንበሪ ገዛ ዝገዝእ ንምረት ጸቢቕ ገይሩ ኣስተማቕሪሩ።




# “ኣብ ዓውዱ ሕክምና እተጥፍአ ሰዓታት ዘይኮነ፡ እትሕግዞ ሕሙም ወይ ውጹዕ'ዩ ዘገድሰካ”

## ዶ/ር ተስፋህይወት ገብረማርያም

**ዮናስ ኣብርሃም**

ሓደ ካብ'ቶም ምቕሉላት ሓካይም ኣብ ሆስፒታል ህጻናት ኦሮታ'ዩ። ብዙሓት ደቆም ከሐክሙ ናብኡ ዝቐረቡ ወለዲ ብፍሕሽው ኣቀባብልኡ ይንእድዎ። ኣብ ዓምዲ ጋሻ ሰንበት ክንዕድሞ ናብ ሆስፒታል ኦሮታ ተንቀሳቒስና ብኣካል ምስ ረኸብናዮ'ውን ትሕትንኡን ምቕሉል ኣቀባብልኡን ነዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ባህርያቱ ዘራጉድ ኮይኑ ረኺብናዮ። መንእሰይ ዶክተር ተስፋሂወት ገብረማርያም ይበሃል። ኣብ 1982 ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ጸሮና ደቒለፋይ ኣብ ዝተባህለት ዓዲ ተወሊዱ። ናይ መባእታ ትምህርቱው'ን ኣብኡ ተኸታቲሉ። ማእከላይ ደረጃ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ፡ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዓዲ ቐይሕ ተማሂሩ። ኣብ 2001 ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ተኻፊሉ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ብምርካብ ናብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብዓውዲ ትምህርቲ ስነ-ህይወት (ባዮሎጂ) ኣጽኒዑ። ኣብ 2004 ኣብ ቤ/ት ሕክምና ኦሮታ ናይ ሸዱሽተ ዓመት ጽዑቕ ሕክምናዊ ትምህርቲ ብምውሳድ ኣብ 2009 ብሜዲካል ዶክተር ድሕሪ ምምራቑ፡ ናብ ሆስፒታል ተሰነይ ተመዲቡ ብተወፋይነት ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 2011 ንድሕረ ምረቓ ኣብ ዓውደ ሕክምና ህጻናት (ፔዳትሪክስ) እናሰርሐ ትምህርቱ ኣብ ምክትታል ይርከብ። ምስኡ ዝገበርናዮ ዕላል ይስዕብ፡-

*** ኩነታት ኣተዓባብያኻ ኩተዕልለና?**

- ከምዚኹኻ ኣብ ሃገረ ሰብ ዝዓቢ ቆልዓ፡ ካብ ወለደይ ዝኣክል ፍቕሪ ሓልዮትን ናብዮትን እናተገብረለይ እየ ዓብየ፡ ወለደይ ረብሓ ትምህርቲ ዝርድኡ ስለ ዝነበሩ ዕድመይ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ቡቲ ዕድል ተጠቒመ ክሳብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሕ ክኢለ፡

*** ኣብ ንጥፈታት ገዛኹትን ማሕረስን ትዋሳእ'ዶ ነይርካ?**

- ቁሩብ ኣቡቲ ማሕረስ'ኳ ይሓይሽ'ምበር፡ ኣብ መጓሰስ ኣይግድን'የ ነይረ፡ ፈትየ ጸሊአ ግን ናብራ ስለ ዝኾነ ድሕሪ ትምህርተይ ኣብ ገዛኹትን ማሕረስን እዋሳእ ነይረ፡

*** ኣብ ትምህርቲ ዝነበረካ ተገዳስነትን ደረጃታትካን ከመይ ነይሩ?**

- ኣብ ትምህርቲ ኣዝየ ግዱስን ከም ውጽኢቱ ድማ ምስ ደቂ ክፍለይ'ውን ተወዳዳሪ'የ ነይረ፡ መባእታ ኣብ ዝነበርኩሉ'ኳ ብዙሕ ብልጫታት እወስድ ኣይነበርኩን፡ ናብ ማእከላይ ኣብ ዝሰገርኩሉ እዋን ግን ፡ ካብ ክፍለይ ቀዳማይ ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ካብ ምሉእ ቤ/ት ናይ ዩኒት ቀዳማይ እዋጽእ ነይረ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ'ውን እቲ ብልጫ እናዓቀብኩም'የ መጺአ ድሕሪኡ ዘዕግብ ነጥቢ ረኺበ ናብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣትየ፡

*** ዓውዲ ሕክምና ዝመረጽካሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?**

- እቲ ምኽንያት ብዙሕ እንድዩ ፡ ሓደ ካብኡ ግን ኣብ ስድራ ሓደ ሓኪም ክህሉ ኣለዎ ዝብል ባህጊ ነይሩኒ እዚ ከኣ መበገሲ ዘለዎ'ዩ፡

*** ከመይ?**


- ብንእሽቶይ ከለኹ እዝክረኒ ኣደይ ጥዕና ስለ ዘይነበራ “ሓሚመ” እንዳበለት ብተደጋጋሚ ተሸግረናን ተሻቕለናን'ሞ ፡ ሓደ መዓልቲ ናብ'ቲ ኣብ ጥቓና ዝነበረ ሕክምና ንወስዳ፡ እቲ ሓኪም ገለ ከኒናታት መሳሊ ምስ ሃባ ይሕሻ ፡ ኣነ ነዚ ክንርኢ ከለኹ ኣብ ኣእምሮይ ከምቲ ሓኪም ክኸውን ባህጊ ከሕድር ጀሚረ፡ ከም ተወሳኺ ኣብ ደገ ዝኑበር ሓወቦይ ኣብ ዓውዲ ስነ ህይወት (ባዮሎጂ) ኣትየ ምስ በልክዎ “ ጽቡቕ! ነጥቢ ድኣ ክትረክብ ጽዓር'ምበር ዶክተር ክትከውን ትኽእል ኢኻ” ኢሉኒ ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝተሰምዓኒ ሓጎስ ክገልጾ የጸግመኒ (ሰሓቕ) ኣብ 2004 ኣብ ሃገርና ሓድሽ ቤ/ት ሕክምና ተጀሚሩ፡ ዕድለኛ ኮይነ ከኣ ካብ'ቶም ብዙሓት ዘመልከትና፡ ምስ'ቶም ሒደት ሕክምናዊ ትምህርተይ ክከታተል ክኢለ፤ በዚ ከኣ እቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ ዝነበረኒ ሃረርታ ክሰምረለይ ክኢሉ፡

*** ትምህርቲሞ ከመይ ነይሩ?**

ኣዝዩ ጽዑቕ ሒደት ሰዓታት እትድቅሰሉ ግን ከኣ ባህታ ዝፈጥር ዓይነት ትምህርቲ'ዩ ነይሩ፡ ኣቡቲ ቀዳማይ ክልተ ዓመት እቲ ትምህርቲ ብክልሰ ሓሳብ ጥራይ ዝወሃብ'ዩ ነይሩ፤ ድሕሪኡ ግን እቲ ብክልሰ ሓሳብ እትመሃሮ ብግብሪ ኣብ ሆስፒታላት እናተዋፈርካ ኢኻ ትመሃር፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናቐጸልኩ ክኸይድ ከለኹ ከኣ ነቲ ትምህርቲ ዝያዳ እናፈተኹዎ መጺአ፡ ኣብዚ ዕውት ኮይነ ክወጽእ ተራ ወለደይን ሓወቦይን ቀሊል ኣይነበረን፡ በዚ ኣጋጣሚ'ውን ከየመስገንክዎም ክሓልፍ ኣይደልን፡

* ሸዱሽተ ዓመታት ትምህርቲ'ሞ ተፈሊጡካ'ዶ ወይስ ከይተፈለጠካ እየን ሓሊፈን?

-ኣቡቲ መጀመርያ ክጅምር ከለኹ ብፍላይ በዕሩኽተይ ገለ ዘየተባብዕ ዘረባታት እሰምዕ ነይረ፤ ብሕጂ እዚ ኩሉ ዓመታት ክትመሃር ቁሩብከ ንስድራኻ ኣይትሓስበሎምን ዲኻ? ብቑጠባኸ መን ክሕግዘካ'ዩ ዝብሉ ንተስፋኻ ዝፈታተኑ ዘረባታት'ዮም ነይሮም እዚ'ኳ ብኽፍኣት ዘይኮነ ብገርሂ ከም ሓልዮት ዝቐርብ ዝነበረ'ዩ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ጥራይ ድሌትን ተበግሶን ይሃልኻ'ምበር ሸዱሽተ ዓመት'ኳ ሸዱሽተ ወርሒ'የን ከይተፈለጣኻ ክሓልፋ'የን ፡ ብርግጽ ከኣ ግዜ ንዝጥቀመሉ ሓጺር'ዩ፡ ተፈሊጡካ'ዶ ንዝበልካዮ ግን ተፈሊጡኒ'ዩ ብጽቡቕ ከኣ'የ ዝዝክሮ፡ “ሸውዓተ ዓመት ከይመሃሩ ሰብዓ ዓመት ይድንቁሩ” ዝብል ብሂል'ዩ ዘዘኻኽር፡ ስለዚ ኣብ ትምህርቲ እተሕልፎ ግዜ መኸሰብ'ምበር ክሳራ የብሉን፡ ዓይነት ትምህርቲ ብዘየገድስ ማለት'ዩ፡



*** ኣብ ኮሌጅ ዘሕለፍካዮ ህይወት ከመይ ትዝክሮ?**

- ህይወት ኣብ ኮሌጅ ምስቲ ዝነበርክዎ ብምንጽጻር ዝሓሸ'ዩ ነይሩ፡ ምኽንያቱ ቅድሚኡ ናብራ ስካፑሊ'የ ዝመርሕ ነይረ፡ ካብ ስድራ ተፈሊኻ ኩሉ ንጥፈታት ገዛ ባዕልኻ እናማላእካ ክትነብር ጸኒሕካ ፡ ኣብ ኮሌጅ ጥራይ ኣጽኒዕካ ክኣል'ምበር ብኻልእ ኣይትሽገርን ኢኻ፡

***ሞያ ሕክምና ምስ ካልኦት ዓውድታት ብምንጽጻር ፍሉይነቱ ከመይ ትገልጾ?**

-ዝኾነ ሞያ ናቱ ብልጫ ኣለዎ፡ ኣብ ሞያ ሕክምና እንተመጺእና ግን ። ብቐጥታ ምስ ህይወት ስለዝተኣሳሰር ፍልይ ይብል፡ ቅድሚ ህይወት ከኣ ዝሰራዕ የለን፡ ካብ ኩሉ ዓውዲታት ሞያ ዝኸበደ'ውን እዩ፡ ልዕሊ ኩሉ ከቢድ ሞያዊ ሓላፍነት ዘሰክም'ዩ፡

***ሓኪም ህጻናት ክትከውንን ዝመረጽካሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?**

- ኣነ ካብ ቅድም ህጻናት ይፈቱ'የ ምስኦም ዘሕልፎ ግዜ'ውን እቲ ልዕሊ ኩሉ ባህታ ዝፈጥረለይ'ዩ፤ ብዓይነ ሕክምና ዝኾነ እትገብረሎም ሓገዛት ድማ ቀልጢፎም እዮም ለውጢ ዘርእዩ፡ ከም ተወሳኺ'ውን ኣብ ሃገርና ካብ ዝርከቡ ዓውድታት ትምህርቲ ገፊሕ ዕድል ስለዝረኸብኩ'የ ሓኪም ህጻናት ክኸውን መሪጸ፡

*** ሓኪም ህጻናት ምኳን እቲ ዝኸበደ ምኳኑ'ዩ ዝጥቀስ ፡ ዓብይቲ ኣብ ሓኪም ቀሪቦም ሕማሞም ወይ ስምዒቶም ክገልጹ ይኽእሉ ህጻናት ግን ከምኡ ኣይኮኑን**

- ብርግጽ! ብፍላይ ትሕቲ ኣርባዕተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት እቲ እትገብረሎም ሓገዛት ወለዲ ብዝህቡኻ ሓበሬታን ባዕልኻ መርሚርካ ብእትለልዮ ጸገማትን'ዩ፡ እዚ ከኣ ብህድኣት ግዜ ሂብካ ዝዕመም'ዩ፡ እዚ ኩብል ከለኹ እቲ ህጻን ብኣግኡ ጸገሙ ኣለሊኻ እትገብሮ ሓገዝ ንመጻኢኡ ስለዝጸሉ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት'ዩ፡

*** ገለ ካብ'ቲ ኣብ ስራሕ ዘጋጥመካ ጸገማት እንታይ ኣሎ ትጠቕሶ?**

- ዝኾነ ናብ ሕክምና ዝመጽእ ሰብ ሻቕሎት ኣለዎ ፡ እዚ ከኣ ከም ቅቡልን ርዱእን እትወስዶ'ዩ፡ ውላዱ ኣብ ሓጺር ግዜ ብቕጽበት ክሕከመሉ ይደሊ፡ ንኹሉ ብሓደ ግዜ ድሌቱ ከተማልኣሉ ከኣ ዘይከኣል'ዩ፡ ቅድሚኡ ዝመጹ ምናልባት'ውን ዝያዳ ዝተሃስዩ ወይ ዝተወጽዑ ክህልው ከም ዝኽእሉ ዝዘንግዑ ኣለው፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት'ዩ ጸገማት ዘጋጥም፡ ኣብ'ዚ ዓቕሊ የድሊ ማለት'ዩ፡

*** ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ሓደ ካብ'ቶም ምቕሉል ኣቀባብላ ዘለዎም ሓካይም ምኳንካ ይፍለጥ'ዩ ብዛዕባዚ እንታይ ትብለና?**

- (ሰሓቕ) ኣነ'ኳ ካብ'ቶም ካልኦት መሳርሕተይ ዝተፈልየ ኣቀባብላ ኣለኒ ኣይብልን'የ፡ እንተኾነ ከም ሓኪም ክኾኖ ስለ ዘለኒ'ዩ፡ ሓደ ሓኪም ከኣ ካብ'ቲ ቀንዲ ክንጸባርቖ ዘለዎ ባህሪ ምቕሉልነት'ዩ፡

*** ከም መንእሰይ ሓኪም መጠን ካብ'ኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር?**

- ከም መንእሰይ መጠን ዝያዳ ክመሃር'የ ዝደሊ፡ ሞያይ ዝያዳ ኣዕሚቐ ዝያዳ ከበርክት'ዩ ጻዕረይን ሓሳበይን፡

*** ሓኪም ናይ ግዜ ደረት የብሉን ለይትን ቀትሪን ዝሰርሓሉ እዋን ኣሎ፡ ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ንነዊሕ ሰዓታት ዕረፍቲ ዘይምርካብ ክህሉ ይኽእል'ዩ ነዚ ከመይ ትገጥሞ?**

- ብርግጽ እዚ ሞያ ኣዝዩ በዳሂን ኣድካሚን'ዩ፡ እቲ እትሰርሖ ሰዓታት ዘይኮነ ፡ እቲ እትሕግዞ ሕሙም ወይ ውጹዕ'ዩ ዘገድሰካ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ክንደይ ግዜ ከም ዘጥፋእካ ክትርስዖ ትኽእል ኢኻ፡

*** ናብ ውልቃዊ ዕላል'ዶ ክንሰግር?**

- ጸገም የለን፡

***ተመርዒኻዶ?**

- እወ! በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ናጽኑት ንጉሰ'ያ ትበሃል፡

***ውሉድከ?**

- ሓይልኣብ ፡ ሲዶናን መሓሪን ዝበሃሉ ሰለስተ ምጩዋት ቆልዑ ኣለውኒ፡

***ከም ሓኪም ህጻናት መጠን ንደቅኻ ከመይ ትኣልዮም?**

- ብውሑዱ ኣብ ጥዕንኦምን ስነ ልቦናዊ ኣተዓባብያኦምን ብዝግባእ እርድኣሎም'የ፡ ብዓቢኡ ከኣ ብዓልቲ ቤተይ ኣዝያ ንፍዕቲን ውሕልልትን'ያ፡

*** ውልቃዊ ባህሪኻኸ ከመይ'ዩ?**

- ኣነ ብተፈጥሮይ ሕውስን ተዋዛዪን እየ፡ ምስ ዝኾነ ሰብ ክረዳዳእ ጸገም የብለይን፡ ዝኾነ ወልፊ'ውን የብለይን ክዕቅቦ ከኣ እደሊ'የ፡

*** ካልእ ባህታ ዝፈጥረልካ .**

- ኩዕሶ ምርኣይ እፈቱ'የ፡ ባህላዊ ንጥፈታት ዘበለ'ውን ይምስጠኒ'ዩ፡

*** ኩዕሶ ካብ ኣልዓልካ ናይ ኣየናይቲ ጋንታ ደጋፊ ኢኻ?**

-ናይ ኣርሰናል ደጋፊ'የ ፡ ብታኽቲክ ኣጻዋውትኦም ይምስጡኒ'ዮም ፡

*ኣብ መወዳእታ ንመንእሰያት እንታይ ክትብል ምደለኻ?

-መንእሰያት ብድሆታትን ዕድላትን ኣለዎም፡ኑቶም ብድሆታት ብኸመይ ይስዕሮም፡ ኑቶም ዕድላትከ ብኸመይ ይጥቀመሎም ክሓስብ ኣለዎ። ብዓቢኡ ድማ ባህላዊ ክብርታቱን ታሪኹን ክዕቅብ ኣለዎ።

***ነመስግነካ ዶክተር!**

-ኣነ'ውን ኣመስግን፡



# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

## የናስ - ኮኾብ ተጻዋታይ ኩዕሶ ሰኪዔት



ኣብቲ ኣብ ሜዳ ቦቶፍሊያ ኣስመራ ብውዕውዕ መንፈስ ዝካየድ ውድድራት

ሻምፕዮን ኩዕሶ ሰኪዔት ዞባ ማእከል ካብቶም ብሉጽ ክእለት ዘርእዩ ተጻወትቲ'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ኩዕሶ ሰኪዔት ዞባ ማእከል 2012/2013 ብምኳን ተሸሊሙ፡ መንእሰይ የናስ ሃብተሚካኤል።

ብ1993 ኣብ ኣስመራ ገጀረት ዝተወለደ የናስ፡ ፍትሓዊት እትብሃል ዓባይ ሓብቱ ተጻዋቲት ኩዕሶ ሰኪዔት ስለዝነበረት ናብ ሜዳ ቦቶፊልያ ሒዛቶ ትኸይድ ነበረት። ንየናስ እቲ ሽዑ ዝካየድ ዝነበረ ጸወታታት ይምስጦ ስለዝነበረ፡ ኩዕሶ ግዚኡ ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳታት ክጻወት ጀሚሩ። ኣብ 2004፡ ብጉዳያምን ብሉጽ ተጻዋታይ ዝነበረን ንጉሰ ሃብተማርያም ኣብ ዝዋሃብ ዝነበረ ስልጠናታት ኩዕሶ ሰኪዔት ተሳቲፉ ዘድሊ ስልጠናታት ወሲዱ። እቲ ብንጉሰ ሽዑ ዝወሰዶ ስልጠናታት ከኣ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ብቕዓቱ ሓጊዚ ተራ ከም ዝነበሮ ይገልጽ። ብሓቂ ድማ እቲ ብሉጽ ንጉሱ፡ ብሉጽ የናስ ንምፍራይ በቒዑ።

የናስ ጎደኒ ጎደኒ'ቲ ብንጉሰ ዝወሰዶ ዝነበረ ስልጠናታት፡ ናይተን ዝማሃረለን ዝነበረ ኣብያተ ትምህርቲ ወኪሉ ይጻወት ነበረ። ንኣብነት ናይ ማእከላይ ደረጃ ተማሃራይ ቤት/ት ሓርበኛታት ከሎ ንቤት ትምህርቱ ክልተ ግዜ ዋንጫ ክትወስድ ዓቢ ተራ ነበሮ። ብዘይካ'ዚ ንቤት/ት ካልኣይ ደረጃ ሰማእታት ወኪሉ ኣብ ዝተጻወተሉ'ውን መሳጢ ብቕዓት ኣብ ርእሲ ምንጽብራቑ ብሉጽ ኣመዝጊቢ ሽቶ ዓመተ 2008/2009 ውድድራት ኩዕሶ ሰኪዔት ኣብያተ ትምህርቲ ብምኳን ተሸሊሙ።

ብድሕሪ'ዚ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ጸወታኡ ኣብ 2005/2006 ባና ምስ ዝተባህለት ጋንታ ናይ 3ይ ዲቪዥን ተጸንቢሩ ኣብ ሜዳ ቦቶፍልያ ጸወትኡ ፈሊሙ። የናስ ንጋንትኡ ባና ከም ሓለቓ ጋንታ ኮይኑ ጸቡቕ ኣወሃሂዱ። በቲ ሽዑ ዘርእዮ ዝነበረ ክእለትን ብቕዓትን ንመጻኢ ክዓቢ ከምዝኽእልን ጸቡቕ መጻኢ ክህልዎ ከምዝኽእልን ናይ ብዙሓት ተዓዘብቲ ኩዕሶ ሰኪዔት ግምታት ነይሩ። ምስ ጋንታ ባና ክልተ ዓመት ምስ ጸንሐ፡ ንኽእለቱን ብቕዓቱን ዘስተብሃለ ድራር ፍስሃየ ዝተባህለ ኣሰልጣኒ ምስ ናይ 3ይ ዲቪዥን ጋንታ ሸቡብ ከም ዝጽንበር ገበረ። ምስታ ጋንታ ድማ ዝተፈላለየ ዓወታት ተጎናጺፉ።

የናስ ብቕዓቱ እናበረኸ ስሙ እናደመቐ መጽኡ። ዕድሚኡ ጌና ንእሽቶ ስለዝነበረ ግን ኣሰልጣኒኡ ቐሩብ ተመኩሮ ንኽድልብ ብማለት ምስ ጋንታ 3ይ ዲቪዥን ዙላ ንተወሳኺ ዓመት ከምዝጻወት ገበረ። ምስ ጋንታ ዙላ'ውን ከም ሓለቓ ጋንታ ኮይኑ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ብምግባር፡ ነታ ጋንታ 1ይ ደረጃ ንኽትሕዝ ኣኽኢልዋ።



የናስ ዝተጸንበራ ዝኾነት ጋንታ ጸብለል ኢላ ዋንጫ ከተልዕል ልሙድ ተርእዮ ነይሩ። ኣብ 2008/2009 ኤክስፖ ምስ ዝተባህለት ጋንታ 2ይ ዲቪዥን ተጸንቢሩ ዋንጫ ኣልዒሉ። እታ ጋንታ ከኣ ናብ ውድድራት 1ይ ዲቪዥን ሰገረት። ስማ ከኣ ብስም ሲቲ ሰንተር ተቐየረ። የናስ ኣብ 2009/2010 ምስ ሲቲ ሰንተር ብምጽዋት፡ ነታ ጋንታ ብፍሉይ የዋህደን መሳጢ ብቕዓት የርእን ስለዝነበረ ንዞባ ማእከል ወኪሉ ክጻወት ተመርጸ።

ኣብ 2011/2012 ንዘኽሪ ነፍስሄር ቦኽረጽዮን ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት የናስ ካብቶም ደሚቖም ዝወጽኡ ተጻወትቲ ነበረ። ብድሕሪኡ ናብ መበል 25 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሳዋ ወረደ። ኣብ ሳዋ'ውን ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ ናይ በራጊድ ውድድራት ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ኣብ 2012/2013 ካብ ሳዋ ናብ ኣስመራ ምስ ተመለሰ፡ ምስታ ንኣስታት ሓደ ዓመት ዝገደፋ ጋንትኡ ሲቲ-ሰንተር፡ ብቕዓቱን ክእለቱን ከም ሓድሽ ኣዕቢዩ ክጻወት ጀመረ። ኣብ ምክልኻል፡ ኩዕሶ ኣብ ምቕባል ዘርእዮ ዝነበረ ክእለት ትሰፍውን ብሉጽን ተጻዋታይ ምኳኑ ኣመስከረ። ናይቲ ዓመት ዝተኻየደ ውድድራት ሻምፕዮን ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ከኣ ተሸለመ።

ብቕዓቱ ንምሕላው ልምምድን ጅምናዝምን ብስሩዕ ከምዝካይድ ዝሕብር የናስ፡ ኣብ ውድድራት ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ምስ ዓንበርበብ ዘርኣዮ ጸወታ ዝንኣድ ነይሩ። ኣብታ ውድድር ከኣ ብውልቁ 24 ሽቶታት ኣመዝጊቡ። ብፍላይ ኣብ ውዱእ ግዜ ካብ ርሑቕ ደርብዩ ዘመዝገቦ 3 ነጥቢ ትሕስብ ሽቶ ንመጋጥም'ቶም ጋንታ ቀታሊት ከምዝነበረት ይጠቅስ። ብሳላ'ታ ሽቶ ከኣ ጋንትኡ ተዓዊታ ወጺኣት። ብዘይካ'ዚ ምስ ጋንታ ማይተመናይን ሳዋን ዘርኣዮ ጸወታ ካብ ተዓዘብቲ ኣድናቖት ዝረኸበሉ ነበረ። ምስ ጋንታ ባና ኣብ 3ይ ዲቪዥን እናተጻወተ፡ ጋንትኡ ምስ ተሳዕረት ብኹቡር ስምዒትን ሕርቃንን ዝኣክል ከምዝበኸየ ይዝክር።

ኣብ 2004/2005 ወዲ ሱዳን ዝተባህለ ናይ ጋንታ እዋን ተጻዋታይ ይምስጦን የድንቖን ከምዝነበረ የናስ ይገልጽ።

ኣብ መውዳእታ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዔት፡ ነቲ ብርሱንን መሳጥን ኣገባብ ዝካየድ ውድድራት ተኸታቲሉ ሃገራዊት ጋንታ ክቐውም፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኮይኑ ድማ ስሙን ስም ሃገሩን ክጸውዕ ዘለዎ ባህጊ ልዑል ምኳኑ ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።

ድራር ፍስሃየ

## ሪከርድ ሮማ ክሳብ ዋንጫ ይቐጽልዶ ይኸውን?

ኢጣልያዊት ክለብ ሮማ ኣብ ዓመተ 2001 ብኣሰልጣኒ ፋብዮ ካፔሎ እናተኣለየት ዋንጫ ሰሪ ኣ ኢጣልያ ድሕሪ ምጭባጣ፡ ኣብ ዝሰዓበ ልዕሊ 10 ዓመታት ብቕዓታ እናኣንቆልቆለ ከኸይድን ደረጃኣ ድሕሪ'ታ ናይ ከተማ መቐናቕንታ ላዝዮ ክስራዕን ብምጅንሑ ደገፍታ ካብ ስታድዩም ኣለምፒኮ ብትሑት ወጽኢት'ታ ጋንታ ርእሶም ኣድኒኖም ክወጹ'የም ጸኒሖም'የም።

ሎሚ ዓመት ግን እታ ጋንታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ወጽኢት ዝየመዝገበላ ከም ሰጳኛዊ ልዊስ ኤንሪኬ ዝኣመሰሉ ኣሰልጠንቲ ብምስንባት ንኣሰልጣኒ ሩዲ ጋርሺያ መዚኑት ምስልጣን ብምሃብ ኑቲ ንፍራንቸስኮ ቶቲን ዳኒኤል ዴ-ሮሲን ዝኣመሰሉ ጉዳይም ተጻወትቲ ዝሓቑፈ መስመር ምክፍኣላን ምጥቃዓን ከም ኣይቮርያዊ ጀርቪኝዮ፡ ኢጣልያዊ ማርኮ ቦርየሎ፡ ሆላንዳዊ ኬቪን ስትሮትማንንን ብራዚላዊ ማይኮንን ዝኣመሰሉ ሓደስቲ ተጻወትቲ ብምውሳኽ ኣብዚ ዓመት ስፖርት ንተኸታታሊ ዓሰርተ ጸወታታት ዓወት ብምምዝጋብ ኣብ ታሪኽ ግጥም ክለባት ኢጣልያ ሓድሽ ምዕራፍ ገጺላ ትርከብ።

ድሮ'ውን ኣካይዳኦም ካብ ዞላ ግጥማት ኑተን ወትሩ ኣብ ውድድራት ኢጣልያ ጸለውቲ ዝበሃላ ናይ ከተማ ሚላኖ ጋንታታት ኢንተርን ሚላንን ከተሰንፈን ክኢላ ብምህላዋ ሎሚ ዓመት ብዘይ ጥርጥር ልዕሊ ኩለን ጋንታታት ዋንጫ ናይ ምልዓል ተኽእሎኣ ርሑብ ምህላው'ያ ጋዜጣ ዴሎ-ስፖርት ኢጣልያ እትገልጽ፡ ዝሓለፈ ዓመት ሻድሻይ ደረጃ ተሰሪዓ ውድድራ ዝዛዘመት ሮማ፡ ዛጊት ኣካይዳኦም ካብ ዞላ ዓሰርተ ግጥማት ሰሪሑ ኢጣልያ ልዳታ ሓንቲ ሽቶ ጥራይ ከኣንግድ ብምኽኣሉ፡ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ካብ ዝርከባ ክለባት ዝሓየለ መስመር ምክልኻል እትውንን ጋንታ ኩባላ ክኢሉ ከምዝርከብ ይግለጽ።

## ዓሌትነት ኣብ ሩስያ





ሩሲያ ንእንግሊዝ ሰዒራ ዋንጫ ዓለም 2018 ከተኣንግድ ዕድል ምርካብ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ'ታ ሃገር ዝርአ ዘሎ ሱር ዝሰደደ ዓሌታዊ ኣድልዎን ጸርፍን እታ ሃገር ንዝርከብዎ ዕድል ምእንጋድ ርእያ ከይትስእኖ ሻቕሎት ፈጢሩ ይርከብ።

እዚ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ክርአ ዝጸንሐ ተርእዮ ዓሌታውነት ኑዩዲ ዝተወሰኾ፡ ዝሓለፈ ሰሙነቲ ኣከፋፊሉ ማንቸስተርሲቲ ያያ ቱረ ካብ ደገፍቲ ሩሲያዊት ክለብ ሲ-ኤስኬ ሞስኮ ዝወረዶ ዓሌታዊ ጸርፊ ብምግሓብር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ምስ ኩቡደቱ ዘይከይድ ቀጻሊ ስጉምቲ ከይተወሰዶ ብምትራፉ'ዩ። ሓያለ ወኸልት ደገፍቲ'ታ ክለብ ብዘርኣዩዎ ዘይስፖርታዊ ተግባር እታ ጋንታ ካብዚ ዝካየድ ዘሎ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ክትእገድ ተደጋጋሚ ጻውዒት ክቐርቡ ኣብ ርእሲ ምጅማሮም፡ እዚ ተግባራት'ዚ እንተቐጺሉ እታ ሃገር ኣብ 2018 ከተኣንግዶ ተዓዊታትሉ ዘላ ውድድር ዋንጫ ዓለም'ውን ከይተረፈ ክትምንጠል ከምዝድግፉ'የም ብሰፊሑ ዝዘረብ ዘሎ።

## ብፍትሕ ጓሉ ዝቐሓረ ማራዶና ንኣጉዌሮ ይዝልፍ

ወትሩ ብዘህቦም ኣካታዕቲ ርእይቶታት ስሙ ካብ መራኸቢ ብዙሓን ስፖርት ዘይርሕቕ ኣርጀንቲናዊ ዲያጎ ኣርማንዶ ማራዶና፡ ሕጂ'ውን ገዙ ናብ ኣጥቃዓይ ሃገሩ ሰርጂዮ ኣጉዌሮ ኣዚሩ ይርከብ። እቲ ናይ ጸወታ ዘመኑ ምስ ሓሸሸ ብዘተኣሳሰረ ስሙ ዘጽበቐ ተዓዋቲ ዋንጫ ዓለም ኣርጀንቲናዊ፡ ኑቲ ኣብ እንግሊዛዊት ሃብታም ክለብ ማንቸስተርሲቲ ይኹን ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ብሉጽ ብቕዓት ኣብ ምንጽብራቕ ዝርከብ 25 ዝዕመቱ ወዲ ሃገሩ ኣጥቃዓይ "ድኹም፡ ፈራሕን ኣብ ርእሱ ዘይተኣማመንን ተጻዋታይ" ክብል'ዩ ጸርፊ ኣዘዘብሉ ዘሎ።

ምኽንያት ናይዚ ድማ፡ ኣጉዌሮ ምስታ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ተመርዕያ



ዝነበረት ጓሉ ንማራዶና - ጂኒናን መሰሪትዎ ዝነበረ ሓዳርን ብፍትሕ ብምዝዛሙ ምኳኑ'ዩ ዝገለጸ። ናብ ቤት ፍርዲ ኣምሪሑ ዝርከብ ጉዳይ ኣጉዌሮን ጂያኒና ማራዶናን - ቤንጃሚን ክብሉ ዝሰመዩዎ ወላዶምን ሃዋኺ ባህርያት ማራዶና ተወሲኹዎ እንታይ መደምደምታ ኮን ይረክብ ይኸውን?

## ተወሳኺ

ገና መዛረቢ ኣርእስታት ትሰርሕ ዘላ መጽሓፍ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ነበር ኣሌክስ ፈርገሰን ኣብዛ ንዝዘዮማ ዘሎና ሰሙን ጥራይ ናይ ልዕሊ 115 ሽሕ ቅዳሓት መሸጣ ብምርካብ ካልእ ኣርእስቲ ሰሪሓ ትርከብ። ኣቐዲመን ንሕትመት ካብ ዝበቕዓ ልብወለድ ካብ ዘይኮና ናይ ህቡባት ተጻወትቲ ኣሰልጠንቲ መጻሕፍቲ ብእንግሊዛዊ ዴቪድ ቤካም ተጻሒፉ ዝነበረት My Side ዘርእስታ ኣብ 2004 ንሕትመት ዝበቕዐት መጽሓፍ ኮይና ኣብ እዋና 82 ሽሕ ቅዳሓት ኣብ ሓደ ሰሙን ተሸይጣ ምንባራ ይዝከር።



# ሰንበት ምስ ቆልዑ





## ወግዒ ኣቦይ ያሲን

### ነቲ ግጥሚ ብግቡእ ደኣ ነጽንዖ !

ኣሰላሙዓሌኩም! ኣብ'ታ ጥቓ ገዛና ሓንቲ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ኣላ። ክረምቲ እንተኾይኑ ድኣ'ያ ትጽሙ'ምበር ሓጋይሲ ድሃይ ተማሃሮ፡ ደወል ቤት ትምህርቲ መዛሙር ኮታ ኩሉ ኢና እንሰምዖ ! ባህ ከኣ ይብለና። ብሕልፊ ኣነ ሽምጊለ ዳርጋ ኣብ ገዛ ስለ ዝውዕል ነዚ ዝጠቐስኩልኩም ድሃይ ቤት ትምህርቲ ብሃንቀውታ'የ ዝጽበዮ። ምስማዕ ጥራይ'ውን ዘይኮነ ክናፈስ ንደገ ዘወር ክብል ከለኹ ዝዕዘቦ ኣሎ። ዝበዝሑ ተማሃሮ ግቡእ ምድላዋት ጌሮም ኣብ ሰዓቶም ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ክርከቡ ከለዉ፡ ሓደ ሓደ ግን ኀተት እናበሉ ዝመጹ ገለ'ውን ትምህርቲ ምስ ተጀመረ ከርክቡ እናተሃንፈጹ ዝመጹ እርኢ። ካብኡ ናብኡ ካብ'ቶም ናይ ንግሆ ዝመሃሩ እቶም ናይ ድሕሪ ቀትሪ ዝመሃሩ ይሕሹ። እቶም ናይ ንግሆ ዝመሃሩ ቀልጢፎም ኣብ ክንዲ ብድድ ዝብሉ ፡ ክመጣልዑ ግዜ ይሓልፍ ኣሎ። ከም'ቲ ብቐዳማይ ዝበልናዮ ብእዋኑ ምድቃስ ብእዋኑ ንክትትንስእ ይሕግዝ'ዩ። ንእግረ መገደይ ንገለ ደንጉዮም ዝመጹ ቆልዑ ስለምንታይ ኢኹም ትድንጉዩ " እብሎም'ሞ ገለ "ደቂስና" ይብሉ፡ "ስለምንታይ'ሞ ትድቅሱ ኣንጊህኩም ዘይትትስኡ" እንተበልክዎም "ፊልም እንዲና ክንርኢ ኣምሲና" ይብሉ። እቲ ዝርእይዎ ፊልምታት ገሊኡ ክሳብ ሰዓት ሓደን ልዕሊኡን ከም ዝጸንሕ'ውን ነጊሮምኒ። ፊልም እናረኣዩ ዝድቅሱ ብዙሓት'ዮም። ወለዲ ከተስእዎም ላዕልን ታሕትን ይብሉ፡ እግሮም ከይተሓጸቡ ወይ'ውን ለይቲ ዝለብሱዎ ክዳን እንተልዩዎ'ውን ከይለበሱ ምስ'ታ ለቢሶማ ዝወዓሉ ናብ ዓራቶም ዝድርበዩ ኣለዉ። እዚ ብመደብ ዘይምጉዓዝ'ዩ።

ብዙሓት ለባማትን መስተውዓልትን ቆልዑ ግን ብእዋኑ ይድቅሱ፡ ንጽባሒቱ ዝለብሱዎ ናይ ቤት ትምህርቲ ዲቪዛኦምን ማህደሮምን ብግቡእ ኣዳልዮሞ ስለዝሓድሩ፡ ንጽባሒቱ ብዙሕ ሽገር ገር ኣይብሉን። ዝትስኡሉን ንቤት ትምህርቲ ዝነቕሉሉን ፍሉጥ ሰዓት ሃልዩዎም ገጾም ተሓጺቦም ፡ ብህድኣት ቁሪሶም'ዮም ናብ ቤት ትምርህቲ ዝብገሱ። ብተብተብ እንተኾይኑ ግን ከብድኻ ከይመላእካ፡ ማህደርካ ከይፈተሽካ ስለ እትህንፈጽ ኣብ ክፍሊ ምስ ኣቶኻ ይስልክየካ፡ ከተምሃሁቕ ትውዕል እቲ መምህር ዝብሎ'ውን ኣይትሰምዕን፡ቀባሕባሕ ክትብል ሓንቲ ከይሓዝካ ንገዛ ትምለስ።

ብዘይካ'ዚ እቶም ተማሃሮ ንክፍሊ ክኣትዉን ክወጹን ከለዉ ሃገራዊ መዝሙር ይዝምሩ'ዮም። እቲ ዜምኡ ኮነ ግጥሙ ግን ብግቡእ ስለ ዘየጽንዕዎ መቐረት ይስእን። እቲ ግጥሙ እንታይ ይብል ኣሎ፡ እንታይ'ከ 'ዩ ትርጉሙ ብህድኣት ኣጽንዕዎ፡ ዜምኡ'ውን ከምኡ ! ደርፊ ስለምንታይ'ዩ ዝፍቶ እንተልኩም እቲ መሳርሒ ሙዚቃታት ምስ'ቲ ጥዑም ድምጺ ዘያሚ ተወሃሂዱ ስለዝስማዕ'ዩ። ኣበይ ዓው ትብል ኣበይከ ትትሕት፡ ግዜ'ውን እናሓለኻ'ዩ። ቅልጣፈ ምስ ዝህሉ ንእዝኒ'ውን ይሕርኮኾ'ዩ፡ ስለዚ ፍቱዋት ደቀይ ሃገራዊ መዝሙር'ውን ብህድኣት ግጥሙን ዜምኡን ኣጽኒዕኩም ክትዝምሩ ፈትኑ!

ሎሚ ከኣ ገዛና

ነኪቕልቖ ኣከና !

ብብዝሒ ምልቕካቕ ነዛ

ገዛ ከተጽብቡዋ ኢኹም

!





## ብሂላት ኣዛምዱ

| | |
|---|---|
| 1. ንዝህንጥስ | A. ኣሕቢሩ |
| 2. ንሓራስ | B. ምሕረት የውርደልካ |
| 3. ንቐደም በል ንዝብለካ | C. ሓጎስ ይሃብካ |
| 4. ንዘንስዕ | D. ትሕሾ ትብሎ |
| 5. ንዝበኪ ቆልዓ | E. ኣባይካ ትብሎ |
| 6. ላባም ንዝብለካ | F. ጥዑም ምለስ |
| 7. እንቋዕ ሓጎሰካ ንዝብለካ | G. ብሩኽ |
| 8. ንሕሙም | H. እንቋዕ ማርያም መሓረትኪ |
| 9. ርሑስ በዓል ንዝብለካ | I. ይምሓርካ/ኪ |
| 10. ንዝምርቐካ | J. ኣሜን! |

ፍቱዋት ቆልዑ እዛ ትርእዩዋ ዘለኹም ሳንዱቕ ካብ 1 ክሳብ 9 ብዘለዉ ቁጽርታት ምልኡዋ፡ ድምር ናይ'ዞም ቁጽርታት ብኹሉ ሸነኽ ማለት ንትኹል ፡ ንጋድም ፡ ንስያፍ (Diagonal) 15 ክመጽእ ኣለዎ። ቁጽሪ 5 ድማ ግድን ኣብ ማእከል ትህሉ።

ተማ. ደጆን ህብትዝጊ

ማ/ካ/ደ/ቤ/ት ዱታ

ባረንቱ

| | | |
|---|---|---|
| | | |
| | 5 | |
| | | |

## ገለ ብዛዕባ ኣዕዋፍ



## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን።

1 x9+2= 11
12 x 9+3= 111
123 x 9+4= 1111
1234 x 9+5= 11111
12345 x 9+6= 111111
123456 x 9+7= 1111111
1234567 x 9+8= 11111111
12345678 x 9+9= 111111111
123456789 x 9+10= 1111111111

ኣይገርመኩምን'ዶ!

* ኣብ ዓለም ኣስታት 9,700 ዓይነት ኣዕዋፍ ኣለዋ።

* እታ ዝቐልጠፈት ዑፍ ኣብ ሰዓት ኣስታት 100 ማይልስ (160 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት ትበርር።

ኩለን ዓይነት ኣዕዋፍ ዝበራ ኣይኮናን ። ሰገንን ኣብ ባሕሪ ዝነብሩ ፒንጕዊን ዝተባህሉ ዓይነት ኣዕዋፍ ኣኽናፍ'ኳ እንተሃለዎም ኣይበሩን'ዮም። እቲ መንገብገቦም ንምብራር ዘይኮነ ሚዛኖም ሓልዮም ንክንቀሳቐሱ ይሕግዞም።

* እታ ዝነኣሰት ዓይነት ዑፍ BEE HUMMING BIRD እትበሃል ኮይና ቁመታ ከባቢ 2 ኢንች ወይ (5 ሴንቲ ሜተር'ዩ። እታ ዝዓበየት ከኣ ሰገን'ያ። ቁመታ 2.4 እዩ።

* ኣዕዋፍ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ኩሉ ቦታታት ይርከባ። ኣብ ጫካታት ምድረበዳታት ደሴታት ጫፍ እምባታት ዓበይቲ ከተማታትን ገጠራትን ካልእ ቦታታትን ይርከባ።